ኢንድ
ወጋሕታ
2ይ ዓመት ቑፅሪ 29 18 ጉንበት 2014 ዓ.ም
ሓሙስ
ብር 10.00

## መናእሰይ ትግራይ ኣተሓሳስባ ፍቕሪ ክህልዎም ይግባእ ክብላ ፕሮፌሰር ሃረገወይን ገሊፀን

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- መናእሰይ ትግራይ ካብ ፅልኢ ዝርከብ ሞትን ክሳራን ጥራሕ ስለዝኾነ ኣተሓሳስባ ፍቕሪ ክህልዎም ይግባእ ክብላ ፕሮፌሰር ሃረገወይን ኣሰፋ ገሊፀን።

እተን ፕሮፌሰር ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝበልኦ፣ ኣብ ትግራይ ዘለኹም መናእሰያት ከምቲ እትባህልዎን እትሰበኽዎን ፅልኢ ጥራሕ ዘይኮነስ ፍቕሪ 'ውን ኣሎ 'ዩ።

መራሕቲ ህወሓት ሎሚ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት እንተኾኑ 'ውን ትማሊ ናይ 13ን 14 ዓመት ሰገናት 'ዮም ነይሮም፤ ብፅልኢት ተመሊኦም እናተደፍኡ ብጓይላ ጠበንጃ ሒዞም ናብ በረኻ ንኽወፁ ከምዝተገበሩ ገሊፀን። ናይ ሐዚ መናእሰይ ግና ኣተሓሳስባ ፍቕሪ ክህልዎም ከምዝግባእ ኣረዲአን። ሐዚ ዘለው መናእሰይ'ውን ብፅልኢት ተመሊኦም

ሐዚ ዘለው መናእሰይ'ውን ብፅልኢት ተመሊኦም

መናእሰይ ትግራይ...6


ፎቶ ዳኜ ኣበራ

## ሕፀረት ሸርፌ ወፃኢ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ምህርቲ ውሽጢ ሃገር ምዕባይ ከምዝግባእ ተገሊፁ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ልዕሊ ኣምረቲ ኢንዱስትሪ ዘጋጥም ሸርፌ ወፃኢ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ንምዕባይ ኹሉ ፃዕሪ ክገብር ኣለዎ ክብሉ ሚኒስትራት ሚኒስቴር ገንዘብን ሚኒስቴር ኢንዱስትሪን ኣፍሊጦም።

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ ድሬዳዋ ኣብ ዘዳለዎ «ምእንተ ኢትዮጵያ» ዝብል ኣብ ልምዓት ኢንዱስትሪ ዘድሀበ ፓናል ዘተ እንትካየድ፣ ሚኒስትር ኢንዱስትሪ ኣይተ መላኩ ኣለበል ናይቲ ዘፈር ምንቅስቓስ ዝገልፅ ፅሑፍ እንተቕርቡ ከምዝገለፅዎ፣ ሕፀረት ሸርፌ ወፃኢ ፀገም ንምፍታሕ ናይ መጀመርያን መሰረታዊ ፍታሕ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ምዕባይ 'ዩ።

ኸዚ ዓቕሚ ምህርቲ ኢንዱስትሪታት 50 ሚኢታዊ 'ዩ፤ ብፍላይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝተፈጠረ ምንኣስ ዓቕሚ ምህርቲ ብዝድለ ብርኪ ምህርቲ ንከይቐርብ ገይሩ 'ዩ። ኣብ ቀፃሊ ናይቲ ኣምራቲ ዓቕሚ ናብ 85ሚኢታዊ ንምብፃሕ ውጥን ተዳሒዙ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ዘፈር ምህርቲ ብሓፈሻ ሃገር ጂዲፒ ናይ ሽድሽተ ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ዝኸውን ብፅሒት ከምዘለዎ ዝገለፁ ኣይተ መላኩ፤ እዚ ብፅሒት ናብ ዓሰርተ ሽውዓተ ነጥቢ ኽልተ ሚኢታዊ ንምዕባይ እናተሰርሐ ይርከብ፣ እዚ ምህርቲ ንምዕባይ ብዝሓለፈ ሕፀረት ሸርፌ ወፃኢ ንምቅላል ፍታሕ ይኸውን 'ዩ ኢሎም።

ዘፈር ኢንዱስትሪ ኣብ ቀፃሊ ዓመታት ብሃገር ጂዲፒ ልዕሊ 17 ሚኢታዊ ብፅሒት ንክህልዎ እናተሰርሐ 'ዩ፣ መንግስቲ እዚ ዘፈር ንምጥንኻር ኣብ ኢትዮጵያ ምህርቲ ዓቕሚ ንክጥንክር ስራሕ እናሰርሐ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ 'ዩ። ካብ ፃዕሪ መንግስቲ ብዝሓለፈ ባዓል ሃፍቲ ብዝግባእ ምምሕዳር ስርዓት ተግባራዊ ብምግባር ምህርቲ ንምዕባይ ከምዘለዎ ተዛሪቦም። ሚኒስትር ገንዘብ ኣይተ ኣሕመድ

ሕፀረት ሸርፌ ...6




## ህዝቢ ትግራይ ካብ ዓፈና ህወሓት ንክላቀቕ ኹሉ ንክረባረብ ዴ.ም.ህ.ት ፃውዒት ኣቕሪቡ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ፓርቲ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ(ዴምህት) ህዝቢ ትግራይ ካብ ዓፈና ህወሓት ንክላቐቕ ኹሉ ንክረባረብ ፃውዒት ኣቕሪቡ።

እቲ ፓርቲ ወድዓዊ ሃገራዊ ኩነታት ኣብ ዝወፀኦ መግለፂ ከምዝበልዎ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ራዕዳዊ ህወሓት ኾይኑ ዓብይ መከራን በደልን እናበፅሖ

ህዝቢ ትግራይ...6

## ጉጅለ ህወሓት ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ሕዚ 'ውን ህዝቢ ንምድንጋር እናፈተነ ምዃኑ ተገሊፁ

- ህዝቢ ብሰንኪ ህወሓት እናበረሰ ክፅገስ የብሉን፤ ሕቶ ከልዕል ኣለዎ ተባሂሉ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉጅለ ህወሓት ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ህዝቢ ንምድንጋር እናፈተነ ይርከብ ክብሉ ነበር ምክትል ኣመሓዳሪ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኢንጅነር የማነ ሃይለ ገሊፆም።

ኢንጅነር የማነ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፣ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ኣዳናጊሩ ናብ ኩናት ክኣቱ ብምግባሩ ከቢድ ፀገም ክበፅሖ ገይሩ 'ዩ። ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካውን ኣዝዩ ተሓስዩ 'ዩ።

ከም ገለፃ ኢንጅነር የማነ፣ ህወሓት ናይ በዓሉ ስልጣን ንምንዋሕ ክብል ሕዚ 'ውን ህዝቢ ትግራይ እናደናገረ ናብ ኩናት ከእትዎ እናፈተነ 'ዩ ዝርከብ፤ ንበዓሉ ጥራሕ ዝሓስብ 'ምበር ንህዝቢ ትግራይ ዝሓስብ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ ብሰንኪ እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ድኽነትን መከራን ከወድቕ ክኢሉ 'ዩ።


ኢንጅነር የማነ ሃይለ

ህወሓት ንህዝቢ እናደናገረ ናብ ኩናት ዘእትዎ ዘሎ ምኽንያት ሰላም እንተሃልዩ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ትግራይ ዝፈፀሞ ገበን ንኸይሕተት 'ዩ ኢሎም።

ከምኡ 'ውን ከም እንደገና ሓዱሽ ኩናት ብምውላዕ መናእሰይ ኣገዲዱ ናብ ኩናት ብምድጓን ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ 'ዩ ክብሉ ወሲኾም ገሊፆም።

ህወሓት ንስልጣኑ ጥራሕ ዝሓስብ 'ምበር ካብ ህሉፍ ጌግኡ ዝመሃር ኣይኮነን ዝበሉ ኢንጅነር የማነ፣ ኣብ ናይ በዓሉ ኣጀንዳ ዕንኪሊል ብምባል ንህዝቢ ትግራይ ምስ ኩሉ ህዝቢ ጎረባብቲ ብምፅላእ ኣብ ፀገም ክኣቱ ገይርዎ 'ዩ።

ይኹን 'ምበር ኣብዚ ሕዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ እናተረደኦ ብምኺኑ ኣጀንዳ ህወሓት ንጎኒ ብምግዳፍ ናብ ዝተፈላለዩ ጎረባብቲ ክልላት እናወፀ 'ዩ ዝርከብ።

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እዚ ጉጅለ እዚ ከቢድ ፀገም በፂሕዎ 'ዩ። እዚ ጉጅለ እዚ ህዝቢ ኣዳናጊርካ ናብ ኩናት

ጉጅለ ህወሓት ዕድመ ...7

ገፅ 4
ሰላም፣ ድሕንነት ዜጋታትን ቀፃልነት ሃገርን ንምርግጋፅ ብሕታዊ መማረፂ ልዕልነት ሕጊ ምኽባር 'ዩ

ገፅ 5
«ህዝቢ ትግራይ ከም ማሕበረሰብ ይኹን ብውልቀ ዓርሱ ዘድሕን ባዕሉ 'ዩ»
- ፕሮፌሰር ሃረገወይን ኣሰፋ

ገፅ 7
ኣብ ኢትዮጵያ ኣጋጢሞም ኣብ ዝነበሩ ጎንፅታት ኢድ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ከምዘሎ ብምርመራ ከምተረጋገፀ ሚኒስቴር ፍትሒ ገሊፁ

ወጋሕታ

# ዜና



## ‹‹ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ንምሕላው ዘኽእል ኣብ ዘተኣማምን ምድላው ይርከብ››

**-ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፦ ሰራዊት ምክልኻል በብእዋኑ ባዕሉ ዘመናዊ እናገበረ ኢትዮጵያ ንምሕላው ዘኽእል ኣብ ዘተኣማምን ምድላው ከምዝርከብ ቀዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢን ጠቕላሊ ኣዛዚ ሓይልታት ውግእ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።

መከላኸሊ ፌዴሪኢ ዋር ኮሌጅ ብላዕለዋይ ድሕንነት ስትራቴጂ ዘሰልጠኖም 38 ላዕለዎት ኣመራርሓታት ወታደራዊን ሲቪልን ኣብ ዘመረቕሉ እዋን ዶክተር ኣብይ ከምዘበልዎ፤ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ምክልኻል ሃገር ንኽቅፅል እንተይኾነስ ህልውና ንምቕፃል ዓብይ ፅገማት ገጢምዎ ነይሩ 'ዩ።

ብዝተፈጠሩ ፅገማት ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት እንተብፀሐ 'ውን ባዕሉ ንምውዳእ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ፈጢሩ 'ዩ።ዝገጠሞ ፈተና ምክልኻል ባዕሉ ምዕባይ ብዘኽእል መልክዑ ንምውዳብ ኣተኣማማኒ ትካል ንምህናፅ ዓብይ ዕድል 'ዩ ኢሎም።

ሰራዊት ምክልኻል ፌዴሪኢ መጀመርያ ተልእኾኡ ኢትዮጵያ ንምቕፃል 'ዩ።ኢትዮጵያ ብታሪኻን ብበዝሒ ህዝባን ዓባይ ሃገር ብምዃና ምክልኻል ብታሪኻ ልክዕ ንዘመኑ ብዝምጥን መገዲ ዓለም ዝበፅሖ ቴክኖሎጂ ብምዕጣቕ ባዕሉ ምውዳብ ትፅቢት ይግበረሉ።

ባዕሉ መስዋእት ገይሩ ኢትዮጵያ ንምቕፃል ዘኽእል ብቅዓት ንምርካብ ምስልጣን ኣድላይ 'ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ፣ ኣብዝሓ ዲፕሎማሲ፣ ስትራቴጂ ፣ኣመራርሓ ጥበብን ብዘፈር ቴክኖሎጂ ዝተረኸበ ፍልጠት ካብ ምክልኻል ምዃኑ ተመረቕቲ ብዙሕ ምንባብ፣ ምፍላጥን ብቁርፀኝነት ምስራሕ ትፅቢት ከምዝግበረሎም ገሊፆም 'ዮም።

ዘይመዉት ታሪኽ ንምስራሕ ምምሃር፣ ታሪኽ ንሃገር ንምቕፃልን ፍልጠት ግድን 'ዩ ዝበሉ ዶክተር ኣብይ፣ መከላከያ ፍልጠት ኣብዚሑ ብምድላይ ዝረኸቦ ፍልጠት ብምክፋል ክጓዓዝ ይግባእ።ዘይጭበጥ ነበልባልን ንምኧን ምምሃር ኣድላይ 'ዩ።ብፍልጠትኹም ብድኻምኩም ሓደ ብምኧን ኢትዮጵያ ከቐፅሉ ከምዘለዎም ኣተሓሳሲቦም ።

ምክልኻል ሰናይ ምምሕዳር፣ ፖሊሲን ስትራቴጅን ፍልጠት ዝርከበሉ ትካል 'ዩ።ምምሃር ምስትምሃር ፅንዓትን ምርምርን ምግባርን ፍልጠት ኣብዚሕካ ብምድላይ ዘመን ዝበፅሖ ነባራዊ ኩነታታ ብምርዳእ ዓርስኻ ምብቃዕን ምዝማንን ኣድላይ ከምዝኾነ ተዛሪቦም። ጠቕላሊ ኢታማዦር ሹም ሓይሊ ውግእ ፌዴሪኢ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፤ ናይቲ ኮሌጅ ዋና ዕላማ ብቁዓት ኣመራርሓ ንምፍጣር ኣብ ድሕንነትን ፀጥታ ትካል ዝረአ ክፍተት ኣመራርሓ ብምምላእ እናተወሳሰበ ዝመፅ ሃገራዊ ፈተና ብብቕዓት ምምካት 'ዩ።

ሰራዊት ምክልኻል ግቡኡ ብዓወት ናይ ምፍፃም ዓቅሙ ምዕባዩ ብምግላፅ፣ ተመረቅቲ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ብምሓዝ ብሕብረት ምስራሕ ትፅቢት ከምዝግበሮም ኣመልኪቶም 'ዮም፡፡

ናይቲ ኮሌጅ ኣዛዚ ብርጋዴር ጀነራል ቡልቲ ታደሰ ብወገኖም፣ ዓለም ለኻውን ከባብያውን ድሕንነት ስግኣት ኣብ ኢትዮጵያ ሰላምን ድሕንነትን ዘዕርፎ ፅዕንቶ ብኣተኣማማኒ ኩነታት ንምፅዋር ዝለዓለ ድሕንነት ስትራቴጂ ስልጠና ኣመራርሓ ኣድላይ 'ዩ ኢሎም፡፡

ድሕንነት ሰላምን ሃገር ንምርግጋፅ ብፍላይ ብራዕዳዊነት፣ ብገበን ዓለም ለኸ፣ ዘይሕጋዊ ኣፅዋር ምዝውዋር ሰብን ምንቅስቃስ ምዕጋት ብዝካኣሎ ኩነታት ብትኹረት ምስራሕ ከምዝግባእ ተዛሪቦም።ተመረቕቲ ኣመራሓታት ሰላም ንምስፋን ድሕንነት ሃገር ንምሕላው ኣብ ዝግበር ተግባር ቁልፊ ግደ ንምፅዋት ዘኽእል 'ዩ ኢሎም።

## ‹‹ህወሓት ካብ ኹናት ጉድኣት ከይወፀ ንካልእ ኹናት ምድላው ዕብደቱ ዓብይ ብርኪ ከምዝበፅሐ ዘመልክት 'ዩ››

**መሰረት ገብረዮሃንስ**


ኣዲስ ኣበባ ፦ ህወሓት ቅድም ክብል ኣብ ዝተገበረ ኹናት ካብ ጉድኣት ከይወፀ ንካልእ ኹናት ምድላዉ ኩነታት ዕብደቱ ልዑል ብርኪ ዝበፅሐ ከምዝኾነ ዘመልክት 'ዩ ክብሉ ኣቦወንበር ሶሻል ዴሞክራሲ ፓርቲ ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ ኣመልኪቶም፡፡

ፕሮፌሰር በየነ ብፍላይ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃብዎ ሓሳብ ቅድም ክብል ህወሓት ኣብ ዝወለዖ ኹናት ብኽልቲኦም ወገን ብዝተፈለየ መልክዑ ድማ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ትግራይ ዝበፀሐ ጉድኣት ኣብ ግምት ውሽጢ ከየእተወ ደጊምካ እቲ ህዝቢ ንኹናት ምቕስቓስ እቲ ውድብ ኣብ ኹናት ኣዙሪት ምንባር ድልየት ከምዘለዎ መርኣያ 'ዩ ኢሎም፡፡

ህወሓት እናገበሮ ዘሎ ኣዋጅ ኹናት ዓቕሚ ሃልይዎ ተመሊሱ ናብ ስልጣን ምምላስ እንተይኾነስ ብቡዙሕ መልክዑ እናተኸልከለ ዘሎ ዓለምለኸ ትኹረት ንምስሓብ 'ዩ፡፡ እዚ ጉጅለ ብተንኮልን ድራማን ዝተፈለጠ ብምኳኑ ከምዝለመዶ ኹናት ብምትንኳስ መንግስቲ ዘይተመጣጠነ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ከምዝወሰደን ሰብኣዊ ቀውስ ከምዝተፈጠረ ገይሩ ንዓለም ህዝቢ ንምስሕሓት ተሊሙ እናተንቀሳቀሰ 'ዩ፡፡ ብምኳኑ መንግስቲ ኢትዮጵያ ቅድሚ ኸዚ ካብ ዝነበረ ትምህርቲ ብምውሳድ ‹‹ሓቂ ነፃ ከውፅኣኒ 'ዩ ›› ዝብል ሓሳብ ብምቕያር ናይቲ ጉጅለ ተንኮል ዝምጥን ስራሕ ምስራሕ ትፅቢት ይግረሉ ዝበሉ እቶም ኣቦ ወንበር፣ ካብዚ መንፃር ሓቂ ምድሓዝ ጥራሕ ንሰዓርነት ስለዘየብፅሕ ንኢትዮጵያ ዝከራኸሩ ምብዛሕን ምስላፍን ጠቓሚ ከምዝኾነ መኺሮም፡፡

ርግፅ ቅድሚ ኸዚ ህወሓት ላዕለዎት ኣመራርሓ ኣሜሪካ ከይተረፈ ብገንዘብን ዓይነትን ብምግዛእ ሓሶት ከም ሓቂ ብምግዋሕ ተሳኺዕሉ 'ዩ፡፡ እቲ ሓቂ ግና ድሕሪ እዋን ሚድያ ዓለምን ሰብኣዊ መሰላት ትካላት ኣብቲ ክልል ብምእታው ዝገበርዎ ምርመራን ምልከታን ሕሶት ከምዝኾነ ተረጋጊፁ 'ዩ ኢሎም፡፡ የግዳስ እቲ ጉጅለ ብዓለም ለኸ ብርኪ ብዝወፁ ሓደ ሓደ ሪፖርት ሕጉስ ከምዘይኾነ እናገልፀ ከምዝፀንሐ ገሊፆም፡፡

ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ረድኤት ተደሓሒዙ መንግስቲ ሓገዝ ንከይኣቱ ከምዝኸልከለ እናወትወቱ ኸሪሞም ሓገዝ ምእታው እንትጅምር ሓፈሮም ብልሓት ብምቕያር መንገዲ ብምዕፃው እዚ ልኣክል ጥራሕ መኪና ኣትየን ብምባል መንግስቲ ንምኹናን ስራሕ ከምዝሰርሑ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡



-ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ

ህወሓት ብዝሰርሖ ስራሕ ህዝቢ ትግራይ ንቡዙሓት ማሕበራውን ኢኮኖምያውን ፀገማት ከምዝተቃለዐን ካብዚ ፀገም ንምምላጥ ትኹረት ኣንፈት ምቅይያሩ ብዙሕ ዘደንቕ ከምዘይኾነ ዝተዛረቡ ፕሮፌሰር በየነ፤ ኾይኑ ግና መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰላም ሃገር ንምሕላው ጎኒ ንጎኒ ናይቲ ጉጅለ ተንኮል እናተኸታተለ ምግላፅ ከምዘድሊ ሓቢሮም፡፡



## ዶክተር ቴድሮስ ኣድሓኖም ስልጣኖም ተጠቒሞም ዕላማ ህወሓት ካብ ምፍፃም ደው ንክብሉ ተሓቲቱ

ኣዲስ ኣበባ(ኤፍ ቢ ሲ)፡-ዋና ዳይሬክተር ውድብ ጥዕና ዓለም ዶክተር ቴድሮስ ኣድሓኖም ስልጣኖም ተጠቒሞም ዕላማ ህወሓት ንምፍፃም ዝገበርዎ ተግባር ደው ንክብሉ ትሸዓተ ትካላት ነቶም ዳይሬክተር ብሓባር ብዝፀሓፍዎ ግልፂ ደብዳበ ሓቲቶም።

እቲ ደብዳበ ዝፀሓፉ፣ ማሕበር ሕክምና ኢትዮጵያ፣ ማሕበር ሓለዋጥዕና ኢትዮጵያ፣ ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ፐብሊክ ኣፌርስ ኮሚቴ(ኤፓክ)፣ ኢትዮጵያን ዳያስፖራ ሃይ ሌቭል ኣድቫይዘሪ ካውንስል ኦን ኮቪድ-19፣ ኢትዮጵያን ስኮላርስ ኢን ኖርዲክ ካንትሪስ፣ ማሕበር ሕክምና ደቡብ ኣፍሪካ፣ ማሕበር ሕክምና ሌሴቶን ፒፕል ቱ ፒፕል ዝተብሃለ ትካልን 'ዮም።

ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ብዝነበረ ጎንፂ ዶክተር ቴድሮስ ፖለቲካዊን ግልፂ ውግንናን ዘለዎ ኣካይዳን ምኽታሎም ዝሓበሩ እቶም ትካላት፣ ብዝርርብን ድርድርን ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝተሰሓሓተን ዝተዛበዐን ቅዋም ንክሕዙ ምግባሮም ኣመልኪቶም።

እቶም ዋና ዳይሬክተር ኣብ ዝህብዎም መግለፂታት፣ ብዝፅሕፍዎም ፅሑፋትን ኣብ ማሕበራዊ ሚዲየኦም ብዘሕልፍዎም መልእኽቲታትን፣ ህወሓት ኣብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ብዝፈፀሞ ተግባርን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብዘብፀሖ መከራን ሱቕ መሪፆም 'ዮም ኢሎም።

ህወሓት ብዝፈፀሞ ወረራ ብዙሓት ትካላት ጥዕና ምዕናዉን ምውራሩን ብምዝኽኻር፣ እቲ ጉጅለ ንፁሃን ብምቕታልን ኣገዲድካ ብምድፋርን ገበናት ምፍፃሙ ኣመልኪቶም።

ዓለም ለኸ ትካላት እንተይተረፉ ህወሓት ኣብ ክልላት ብዝፍፀሞም ተግባራት ኣብ ዘውፅእዎ ፀብፃብ ኣብ ዝገልፅሉ ዘሎ እዋን ዶክተር ቴድሮስ ኣብቲ ዛዕባ ዝበልዎ ነገር ዘይምህላዉ ውግንናኦም ንሓደ ኣካል ምኳኑ ዘርእይ ከምዝኾነ 'ውን እቶም ትካላት ገሊፆም።

ምስ ሚኒስቴር ጥዕና ብምትሕብባር ንክሰርሑ ብተደጋጋሚ ንዝቐርበሎም ፃውዒት ምላሽ ዘይምሃቦም ዘሕዝን ተግባር ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ዶክተር ቴድሮስ ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ዝነበሮም ዑደት ምስ ሰብ መዚን ኣባላት ቤት ምኽሪ ሕጊ መውፅኢን ዝገበርዎ ዘተ ዕላምኡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ማዕቐብ ንምንባር 'ዩ ክብሉ ሓቢሮም።

እቲ ዑደት ሕግታት "ኤችኣር 6600" ን "ኤስ 3199"ን ንክፀድቁ ድፍኢት ንምግባር ምኳኑ ንርዳእ ኢሎም እቶም ትካላት። ስለዝኾነ ዶ/ር ቴድሮስ ኣድሃኖም ስልጣኖም ተጠቒሞም ዕላማ ህወሓት ካብ ምፍፃም ደው ንክብሉ ሓቲቶም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ጉጅለ ህወሓት ክለዓል ኣለዎ

ጉጅለ ህወሓት ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ/ትግራይ ህልውናኡ ካብ ዘረጋገፀሉ እዋን ጀሚሩ ንህዝቢ ትግራይ ጉድኣት'ምበር ረብሓ ኣየምፀአን። ኣብ ዝሓለፈ ኣብ 17 ዓመታት ኣብ ዝተኻየደ ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ጨዊዩ ንረብሓ ጉጅኡ ዘውዐለ ውደብ'ዩ። ሰናይ ምምሕዳር፣ ዴሞክራሲን ልምዓትን ኣየምፀአን።

ብእንግድዓን መስዋእትን ህዝቢ ትግራይ ናብ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝደየበ እዚ ጉጅለ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉም 27 ዓመታት ንህዝቢ ትግራይ ዘምፀኦ ረብሓ የለን። የግዳስ ብዝተጋገየ ኣንፈቱን ኣመራርሓኡን፣ ፀረ ዴሞክራሲያዊነቱ ህዝቢ ትግራይ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ስኢኑ፣ ኣስታት ክልተ ሚሊዮን ህዝቢ ኣብ ሴፍቲኔት ፅግዕተኛ ክኾውን ገይርዎ'ዩ።

እዚ ጉጅለ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ብዝወሰዶ መጥቃዕቲ ብዝተወለዐ ኲናት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዓብዪ ፀገም ኣቲዩ'ዩ። ትሕተ ቕርፂ እቲ ክልል ዓንዩ፣ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚሊዮን ህዝቢ ህፁፅ ሰብኣዊ ሓገዝ ዘድልዮ ኮይኑ ኣሎ። ሕዚ መንግስቲ ብዝወሰዶ ኣብ ሰብኣዊነት ዝተደረኸ ጎንፂ ጠጠው ናይ ምባል ውሳነ ሰብኣዊ ሓገዝ ይኣቲ ኣሎ። ኮይኑ ግና ህዝቢ ብግቡእ እናረኸበ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ድማ ብስቓይ ዜጋታትን ዝነብርን ሰብኣዊነት ዘይስምዖ ሓይሊ ንባዕሉ ስለዝጥቀመሉ 'ዩ።

ቅድሚ ኣዋርሕ ድማ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ክልል ዓፋር ጥቕዓት ብምፍፃም ናብ ትግራይ ሓገዝ ፅዒነን ዝጓዓዛ ዝነበራ ተሽከርከርቲ ንከይንቀሳቐሳ መስመር ሓገዝ ንክዕፆ ምግባሩ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ምግቢ ሕፅረት ንክፅገም ገይሩ ነይሩ። እዚ ማለት እዚ ሓይሊ ንህዝቢ ትግራይ ዘይሓልይን ኣብ ፀገም ዘእተወ ምዃኑ'ዩ። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር እዚ ጉጅለ ክለዓል ኣለዎ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ እቲ ጉጅለ ንኲናት እናተዳለወ ምዃኑ ብተደጋጋሚ እናገለፀ'ዩ። ንዚ ተግባሩ ድማ ህፃውንቲን ዓበይትን ከይተረፈ ናብ ኲናት ኣገዲዱ እናሰለፈ ምዃኑ ውሂቢ ቃል እቲ ጉጅለ ከይተረፈ ዝኣመኖ'ዩ። ጉጅለ ህወሓት ብዘለዎ ናይ ኲናት ባህጊን ድሌትን፣ ብዘይ ኲናትን ጎንፅን ክነብርን ዕድመኡ ክቕፅል ስለዘይኽእል ሕዚ'ውን ጎስጓስ ኲናት የካይድ ኣሎ። እቲ ኲናት ግና ንህዝቢ ትግራይ ዘይጠቅም ስለዝኾነ ህዝቢ ክቃወሞ ይግባእ።

ቅደሚ ሕዚ ኣብ ዝተኻየዱ ውግኣት ወታደራዊ ኣመራርሓ እቲ ጉጅለ እናተጅሃሩን ኣብ መሬት ዘየሎ ዓቕሚ ከምዘለዎው እናተዛረቡ፣ «ኲናት ንምውዳእ ቁሩብ መዓልቲ ቀሪዩና፣ ምስ መን ኢና ንደራደር...» እናበሉ ፀኒሖም መንግስቲ ፌደራል ብዝወሰዶ ስጉምቲ ተሳዒሮም ንድሕሪት እንትምለሱ'ውን «ስልታዊ ምንስሓብ ገይርና፣ ንሰላም ዕድል ክንህብ ወፂኢና...»ዝብል ናይ ሓሶት ምኽንያት ሂቦም'ዮም። ሕዚ ድማ ንህዝቢ ዳግም ንካልኣይ ህልቂት ኣገዲዶም'ውን ንኲናት እናጎስጎስዎ ይርከቡ። እዚ ተግባር ጠጠው ክብል ኣለዎ። ህልቂት 'ምበር ካሊእ ረብሓ ከምዘይብሉ ፈሊጡ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ትግራይ ክቃወም ይግባእ። ንጉጅለ ህወሓት ድማ ይኣኽለካ ክብሎን ክቃወሞን ግድን ይኸውን።

መራሕቲ ጉጅለ ህወሓት መንግስቲ ንሰብኣዊነት ክብል ዝገበሮ ጎንፂ ጠጠው ናይ ምባል ውሳነ፣ ብናታተቶም ፅዕንቶ ከምዝገበሮ እናተዛረቡ'ውን ህዝቢ ንኲናት እናለዓዓሉ ይርከቡ። ኮይኑ ግና ብኲናት ዝደልይዎ ነገር ከሳኽዑ ከምዘይክእሉ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ዝፈተንዎ ፈተነታት ምስክራት'ዮም። ስለዚ ናይ ሕዚ ድሌት ኲናት'ውን ዕንወት'ምበር ካሊእ ውፂኢት ስለዘይብሉ ህዝቢ ክቃወሞ ይግባእ።ክተሓባበር የብሉን።

ጉጅለ ህወሓት ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝፈነውዎ መጥቓዕቲ ስዒቡ ብወፍሪ ሕጊ ምኽባር፣ ካብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ንክወፅኡ ብወፍሪ ሕብረብሄራዊ ሓድነት ዝተወሰደሎም ስጉምትታት ምፅዋር ከይከኣሉ ተሪፎም ዝበፅሖም ሰብኣዊን ኢኮኖሚያውን ኪሳራ ይፍለጥ። ሕዚ ድማ ህዝቢ'ውን «ደቂና ኣበይ ኣለው» ኢሉ ምሕታት ብምጅማሩን ንቲ ስርዓት ብምቅዋም ናብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን እናሓደመ ስለዝኾነ ኣብ ቅልውላው ዝርከብ ጉጅለ ህወሓት ንካሊእ ኲናት እናተዳለዉ ከምዝርከቡ መራሕቱ በቢ መድረኹ እናዓንደሩ ይርከቡ። እዚ ዕንዳራ ግና ካብ ህልቅትን ኪሳራን ወፃኢ ካሊእ ረብሓ ዘይብሉ ምዃኑ ህዝቢ ትግራይ ክፈልጥ ኣለዎ። ምፍላጥ ጥራሕ ዘይኮነስ ክቃወሞ ይግባእ። ኣንፃር ህወሓት'ውን ክለዓል ይግባእ።

ጉጅለ ህወሓት ክሳብ ሕዚ ኲናት ብምክያዱ ንህዝቢ ትግራይ ሞት፣ ጥሜትን ሕማምን 'ምብር ፅቡቕ ነገር ንኽረክብ ኣየኽኣሎን። ህዝቢ መሰረታዊ ግልጋሎት ኣይረኸበን። ዝኣተወ ሰብኣዊ ሓገዝን መድሓኒትን'ውን ብዝግባእ ኣይረኸበን። ስለዚ ናይ ሕዚ ዕንደራ ኲናት ጉጅለ ህወሓት ካብ ህልቂት ወፃኢ ንህዝቢ ትግራይ ረብሓ ኣይህልዎን። ስለዚ ህዝቢ ክቃወሞን ይኣኽለካን ክብሉ ይግባእ።


ኢፕድ

# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
የቤት ቁጥር 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ሄርሞን ፍቃዱ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et
ስልክ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም ኣይኮኑን።

## ካብ ጌግሑ ዘይመሃር ጉጅለ ህወሓት

ምሕረት ብርሃነ

ብውሽጣዊ ኲናት እናተሓመሰት ትርከብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዜጋታታ ኣደዳ ምፍንቃል፣ ስቓይን ሞትን እናኾኑ ይርከቡ። ብፍላይ ድማ እታ ኲናት ፈልዩላ ዘይፈልጥ ክልል ትግራይ ካብ እዋን ደርጊ ንነዘ ጥራሕ ኣብ ዝተኻየዱ ተኸታተልቲ ውግኣት እንተሪእና ዘጋጠመ ክሳራ ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ልዕሊ 60ሺሕ መንእሰይ ገቢራ 'ያ፤ ልዕሊ ሚኢቲ ሽሕ ኣካለ ጉድእ ኮይኑ 'ዩ። ኣብ እዋን ኲናት ኢትዮ-ኤርትራ ዝተኸፈለ መስዋእቲ 'ውን ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን።

ይኹን 'ምበር ህወሓት ካብዚ ትምህርቲ ወሲዱ ኣብ ክንዲ ምምሕያሽ ደጊሙ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ዓዘቕቲ ክኣቱ ገይርዎ 'ዩ። እናገበሮ 'ውን ይርከብ። ብሰንኪ ዘይምውሩይ ኣካይዳ ህወሓት ብፍላይ ንቐፃሊ ኣብ ህዝብና እንታይ ፀገም ከጋጥም ይኽእል ኢሉ ነገራት ኣብ ግምት ውሽጢ ብዘይምእታዉ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ዝኸፍአ መከራ ኣእትይዎ 'ዩ።

ብሰንኪ ሕመቕን ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ፀገም ገጢምዎ 'ዩ። ብፍላይ ህወሓት ኣብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብዝወሰዶ ግፍዒ ስዒቡ ንበዓሉ ሓዊሱ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ቕልውላው ክወድቕ ገይርዎ 'ዩ። ኣብዚ ጉዕዞ እዚ ዝጠፍአ ሂወት፣ ዝጎደለ ኣካል፣ ከምኡ 'ውን ዝጠፍአ ንብረት ብግልፂ እኳ ክንዲዚ 'ዩ ተባሂሉ ብኣሃዝ ብዕሊ ምቕማጥ እንተዘይተኻእለ ክንደይ ዝኣክል ጉድኣት ከምዝበፅሐ ምግማቱ ዝኸብድ ኣይኮነን።

«ዘይሓስብንያ ኣይንገድ» ከምዝበሃል ህወሓት ንግዚኡ 'ምበር ንድሕር ፅባሕ ዝሓስብ ውድብ ኣይነበረን። ካብ ጌጋ ናብ ጌጋ እናተሰጋገረ ብምዃዱን ካብ ሕሉፍ ጌግኡ ብዘይምምሃሩን ንህዝቢ ትግራይ ተማሊእዎ ናብ ዓዘቕቲ ኣትዩ 'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ ብኣሻት ዝቑፀሩ ደቑ ገቢሩ ካብ ጨቛኒ ስርዓት ደርጊ ናፃ ዋላ ይውፃእ ብሰንኪ ሕመቕ መራሕቱ ተመሊሱ ናብ ረግረግ 'ዩ ኣትዩ። እዚ ድማ ኣዝዩ ዘሕዝን 'ዩ። ካብዚ ኹሉ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ዝተረኸበ ረብሓ እንታይ 'ዩ እንተይልካ መልሱ ዋላ ሓንቲ 'ዩ። እኳደኣስ ምስ ዝተኸፈለ ክሳራን ዝተረኽበ ዓወትን ክተናፃፅሮ እንተለኻ ክሳርኡ ይዛይድ። ዝኹሉ መስዋእቲ ከፊሉ ክሳብ ቅድሚ ለውጢ ልዕሊ 1.8 ሚሊዮን ህዝቢ ትግራይ ፅባዩ ሓገዝ ከምዝነበረ ዝፍለጥ 'ዩ።

ክልል ትግራይ ኣብ ሕሉፍ ታሪኻ ዘጋጠምዋ ነገራት ከምዚ ካብ በልና ድሕሪ ለውጢ ዘጋጠምዋ ጉድኣታት ኸ እንታይ ይመስሉ እንተይልና ብዙሕ ትንተና ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ርእዩን ግሁድን 'ዩ። ብፍላይ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኲናት ካብ ዝውላዕ ጀሚሩ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ቕልውላው ኣትዩ 'ዩ። ከምዚ ክኸውን ዝኸኣለሉ ምኽንያት ድማ መራሕቲ ጉጅለ ህወሓት ካብ ሕሉፍ ጌጋኦም እንተይተማሃሩ ደጊሞም ናብ ጌጋ ብምእታዎም 'ዩ።

እሞ ኸ ድኣ እዚ ናይ ትማሊ ጌጋ ከምህር ዶ ኣይኽእልን? ሕዚኸ ዳግማይ ጎስጓስ ኲናት ንምንታይ ኣድለየ? ህዝቢ ትግራይ መዓዝ 'ዩ ራህዋን ቕሳነትን ክረክብ ዝብል ነገር ወትሩ ግዘ ናብ ሓንጎልካ ዝመፅእ ሓሳብ 'ዩ። ወይስ ንመከራ ዝተዓደለ ህዝቢ ድዩ ኮይኑ ኩሉ ግዘ ፀገም ካብ ዝባኑ ዘይወርድ? እንታይ ይኸውን? ኢልካ ክትሓስቦ እንተለኻ ቐንዲ መንቐሊኡ «ህዝባዊ 'የ» እናበለ ብሽም ህዝቢ ትግራይ ዝሸቕጥን ዝዕንድርን ዘሎ ጉጅለ ህወሓት 'ዩ ኢለ እሓስብ። ከምዚ እንተኾይኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ካብ መስገደል ህወሓት ናፃ እንተይወፀ ዕረፍቲ ዝበሃል ነገር ዝረክብ ኣይመስለንን።

ሕዚ ድማ መንግስቲ ብዝገበሮ በይናዊ ጠጠው ምባል ኲናት ስዒቡ ውሱን ሓገዝ እኽሊን መድሓኒትን ብምእታዉ ናይ ተስፋ ብልጭጥታ ምርኣይ ምስ ተጀመረን ህዝቢ ሰላም ክመፅእ 'ዩ ኢሉ ተስፋ ምስገበረን፣ ኩሉኻ ህዝቢ ትግራይ ክባ ንምፍንፃሕ ተዳሎ ዝብል ደወል ከንሰምዕ ገይሩና። ፀገም ብሓይሊ ድዩ ክፍታሕ ዝኽእል ወይ ብልዝብ? ኲናት መፍትሒ ፀገም ተዝኸውን ነይሩ እማ ክሳብ ሕዚ ብዝተኻየዱ ውግኣት ክፍታሕ ምኽኣለ ነይሩ። ኣነ ብወገነይ ንኲናት ግዘ ካብ መሃብ ንሰላም ግዘ ምሃብ ዶ ኣይመሐሸን ዝብል ሓሳብን እምነትን ኣለኒ።

ህወሓት ዝገብሮ ዘሎ ምልዕዓል ኲናት ኣዝዩ ዘሕዝንን ህዝባዊ ሓላፍነት ዝጎደሎ 'ዩ። ንህዝቢ ትግራይ ዘይምሕሳብ 'ዩ። ብኣሻሓት ሂወት ሰብ ገቢርካ ለውጢ ተዝመፅእ ቕድሚ ሕዚ ነይሩ። ጥቕምን ጉድኣትን ኣብ ግምት እንተይኣእተኻ ተዓሚትካ ናብ ኲናት ምእታው ግና ንዘላእለም ኣብ ድኽነትን ጉስቑልናን ንኽትነብር ካብ ምግባር ሓሊፉ ዘምፅኦ ካሊእ ረብሓ የለን።

ካሊእ ዲያስፖራ ትግራይ 'ውን እንተኾኑ ኣብ ጎኒ እቲ ጉጅለ ኮይኖም ጎስጓስ ኲናት ህወሓት 'ዮም ዝድግፉ ዘለዉ። እዚ ጌጋ 'ዩ፤ ንህዝቢ ይኹን ንሃገር ዝጠቅም ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ፍቕርን 'ምበር ኲናት ኣየድልዮን 'ዩ። ዲያስፖራ ትግራይ ይኹኑ ጉጅለ ህወሓት ንናይ ባዕሎም ጥቕሚ ደው ዝበሉ ኣካላት እዮም። ዝኸድዎ ዘለዉ ክያዶ ንህዝቢ ትግራይ ዝውክል ኣይኮነን። ዲያስፖራ ትግራይ ዝኸዶ ዘሎ ክያዶ ብጣዕሚ ጌጋ 'ዩ። እዚ ኣካይዳ እዚ ንህዝቢ ምሕላይ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ኲናት እንተይኮነ ዘድልዮ ብሕፅረት መድሓኒትን ምግብን ይሳቐን ይመውትን ስለ ዘሎ ህዝቢ ብኸመይ ክድሕን ይኽእል ኢልካ ምሕሳብ 'ዩ ዘድሊ። ንህዝቢ ካብ ዘይጠቕም ምንቕስቓስ ወፂኦም ኣብ ጎኒ መንግስቲ ፌዴራል ብምዃን ኣብ ጎኒ ህዝቢ ጠጠው በምባል ካብቲ ገጢምዎ ዘሎ ከቢድ ፀገም ንኽወፅእ ክሰርሑ 'ዩ ዝግበኦም።

ህወሓት ዳግማይ ኲናት ንምውላዕ ዝገብሮ ዘሎ ምንቕስቓስ ንህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ዝጎድእ ብምዃኑ ህዝቢ ድማ ናይ ባዕሉ መማረፂ ክወስድ ይግባእ። ህወሓት ካብ ጌጋ ናብ ጌጋ እናተሰጋገረ ህዝቢ ስኽ ኢሉ ክሪኦ የብሉን። ኣብዚ ኲነታት እዚ ደቕናን ንበዓልትናን ኣይንሳተፍን ብምባል እቲ ኲናት ብዘይ ደም ምፍሳስ መዕለቢ ንኽረክብ ፅዕንቶ ክፈጥር ኣለዎ።

ህወሓት ይኹን ዲያስፖራ ትግራይ፣ ንህዝቢ ትግራይ ዝውክሉ ኣይኮኑን። ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ 30 ዓመታት ካድረታት ህወሓት 'ምበር ህዝቢ ትግራይ ካብ ጉጅለ ህወሓት ዝረኸቦ ጥቕሚ የለን። እኳዳኣስ ካብ ካልኦት ክልላት ብዝበኣሰ 'ዩ ተጎዲኡ።

ህዝቢ ትግራይ ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ፅግዕተኛ ኮይኑ ክነብር የብሉን። ከምዚ ብምዃኑ ተጎዲኡ 'ምበር ኣይተጠቐመን። ካሊእ መማረፂ ውድብ የድልዮ 'ዩ። እዚ ፓርቲ እዚ ንባዕሉ ረብሓ ጥራሕ ጠጠው ዝበለ 'ዩ። መራሕቲ ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ምስ ኣሕዋቱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓደ ተሳንዩ ከይነብር ካብ ምግባር ሓሊፎም ዝጠቕሞ ነገር ኣይሰርሕሉን 'ዮም።

መራሕቲ ህወሓት ጎስጓስ ኲናት ገዲፎም ክገብርዎ ዘለዎም ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ፀገም ከመይ ይወፅእ ኢሎም 'ዮም ክሰርሑ ዘለዎም። ከምዚ ክኸውን እንተኾይኑ ድማ መንገዲ ሰላም ክመርፁ ይግባእ። መንግስቲ ንህዝቢ ትግራይ እናሐገዘ መፂኡ 'ዩ፤ ሕዚ 'ውን ነዚ ኣጣናኺሩ ይቕፅሉ ኣሎ 'ዩ። መራሕቲ ህወሓት ግና ብዘይ ኲናት ክነብሩ ስለ ዘይኽእሉ ንህዝቢ ኣብ ዝጎድእ ፖለቲካዊ ኣካይዳ 'ዮም ተፀሚዶም ዘለዉ።

ህዝቢ ትግራይ ደቑ ብተደጋጋሚ ክግብር የብሉን፤ ህወሓት ናብ ሰላም ንኽመፅእ ፅዕንቶ ክፈጥር ኣለዎ። ኲናት ንህዝቢ ትግራይ ኣይጠቕሞን። ደቑን ሃፍቱን ክፀንቱ 'ዩ ገይሩ። ህዝቢ ንናይ ባዕሉ ህልውና 'ምበር ንህልውና ህወሓት ኢሉ ክቓለስ የብሉን። እዚ ጉጅለ እዚ ካብ ህዝቢታት ኢትዮጵያ 'ዩ ዝፈልዮ ዘሎ።

ብሓፈሻ ህወሓት ቕድሚ ሕዚ ካብ ዝፈፀሞ ገበን ተማሂሩ መገዲ ሰላም ክመርፅ ኣለዎ 'ምበር ንዳግማይ ገበን ክዳሎ የብሉን። ሕዚ ክሳብ ሕዚ ንዝጎድኦ ህዝቢ ትግራይ ዝኸሕሰሉ 'ዩ ክኾን ዘለዎ 'ምበር ደጊሙ ናብ ኲናት ክእትዎ የብሉን። ህዝቢ ዝውክል እንተኾይኑ ጥቕሚ ናይ ባዕሉ ካብ ምቕዳም ሓሊፉ ጥቕሚ ህዝቢ ከቕድም ኣለዎ። ካብ ሕሉፍ ጌጋታቱ ብምምሃርን ዓርሱ ብምፍታሽን ንሰለም ቕሩብ ክኸውን ኣለዎ፤ ህዝቢ ትግራይ 'ውን ህወሓት ናብ ሰላም ንኽመፅእ ፅዕንቶ ብምፍጣር ናይ በዓሉ ግደ ክፃወት ይግባእ።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ሰላም፣ ድሕንነት ዜጋታትን ቀፃልነት ሃገርን ንምርግጋፅ ብሕታዊ መማረፂ ልዕልነት ሕጊ ምኽባር 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኢትዮጵያ ብሰንኪ ውሽጣዊ ዘይምርግጋዕ ሞት፣ ምፍንቓል፣ ምዝራፍ ንብረትን ዕንወትን እናጋጠማ ከምዘሎ ዝፍለጥ 'ዩ። በዚ መሰረት ብዙሓት ዜጋታት እዛ ሃገር ኣብ ከቢድ ቆላልውላው 'ዮም ዝርከቡ። ይኹን 'ምበር መንግስቲ ሰላምን ድሕንነትን ዜጋታት ከምኡ 'ውን ቀፃልነት ሃገር ንምርግጋፅ ብሕታዊ መማረፂ ልዕልነት ሕጊ ምኽባር ምዃኑ ብምእማን ዓሪፉ ኣይተቐመጠን እኳደኣስ ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ስጉምቲታት እናወሰደ መፂኡ 'ዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝረአ ዘይሕጋዊ ተግባርን ምህዋኽ ሰላምን ከምኡ 'ውን ስርዓት ኣልቦነትን መንግስቲ ንኽቆፃፀር መላእ ህዝቢ ብተደጋጋሚ ብሓደ ድምፂ ክበሃል ብዝኽእል እናሓተተ ዝፀንሐ ኮይኑ ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይን ኦሮሚያን ካልኦት ጎረባብቲ ክልላትን ብሰፊሑ መንግስቲ ስጉምቲ እናወሰደ ፀኒሑ 'ዩ ሕዚ 'ውን ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራን ኦሮሚያን እናወሰደ ይርከብ።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ቐረባ እዋናት ጀሚሩ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ግብረ ራዕዲ ሸኔ ብርቱዕ ስጉምቲ እናወሰደ 'ዩ ዝርከብ። እዚ ጉጅለ እዚ ምስ ካልኦት ሓይሊታት ጥፍኣት ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እናብፀሖ ዝርከብ መጥቃዕቲ ንምምካት መንግስቲ ዕዉት ስጉምቲ እናወሰደ ከምዝርከብ ግልግሎት ኮሚዩኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ዘውፀኦ መግለፂ ዝሓበረ ኮይኑ ሙሉእ መግለፂ ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ንዝረአ ሕጊ ኣልቦነት፣ ዘይውሕስነት ህዝብን መንግስቲ ክቆፃፀር ብተደጋጋሚ ህዝቢ እናጠየቐ ፀኒሑ 'ዩ። ቅድሚ ሕዚ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ድሕንነት ነዞም ጉዳያት እዚኦም ብምግምጋም ኣድላዪ ስጉምቲ ክውሰድ ፀዊዑ ምንባሩ ዝዝከር 'ዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ኩለን ክልላት ብሓይልታት ፀጥታ ፌደራልን ክልልን ዝካየድ ዘሎ ስጉምቲ ምኽባር ሕጊ ኣካል ናይዚ 'ዩ።

ኣብ ኦሮሚያን ጎረባብቲ ክልላትን ሸኔ ምስ ካልኦት ግብረ ራዕዳውያን ጉጅለታት ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እናፈፀሞ ዝፀንሐ መጥቃዕቲ ንምቕልባስ መንግስቲ ዕዉት ስጉምትታት እናወሰደ ይርከብ። ኣብ ክልላት ኦሮሚያን ሶማሌን ኣብ ልዕሊ ራዕዳዊ ኣልሸባብ ዝካየድ ዘሎ ስጉምቲ 'ውን ብኣድማዕነት ተጠናኺሩ እናቐፀለ ይርከብ።

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ክልል ኣምሓራ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ኣፅዋርን ገንዘብን፤ ብጉጅለ ተወዲቦም ሃብትን ንብረትን ውልቀ ሰባት ኣብ ምዝማትን ምዕናውን ዝተዋፈሩ፣ ነብሲ ብምጥፋእ ዝተጠርጠሩ፣ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ብምግጫው እቲ ክልል ንኸይረጋጋዕ ኣብ ዝገብሩ ኣካላት መጠነ ሰፊሕ ስጉምቲታት እናተኻየደ ይርከብ። ኣብ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኣን ከምኡ 'ውን ከተማታት ኦሮሚያን ብጉጅለ ተወዲቦም ኣብ ዝተፈላለዩ ገበናት፣ ኣፅዋርን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ገንዘብን ዝተዋፈሩ ጉጅለታትን ውልቀሰባትን፤ ከምኡ 'ውን ኣብ ልዕሊ ህወሓት ዘዋፈሮም ኣካላት መንግስቲ ወሳኒ ስጉምቲ እናወሰደ 'ዩ። ኣብ ኩለን ክልላት ኣብ ዝካየድ ዘሎ ስርሒት ብርክት ዝበሉ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ምስ ዝሰረቐዎ ንብረቶምን ቀፂሎም ንምፍፃም ብምሕሳብ ኣብ ሰነዳቶም ምስ ዘስፈርዎ ሓሳባት ትሕቲ ቁፅፅር ክውዕሉ ተገይሩ 'ዩ። ጉዳዮም 'ውን ግቡእ ከይዲ ብምኽታል ብምፅራይ ናብ ፍርዲ ክቐርቡ እናተገብረ 'ዩ።

መንግስቲ ሕግን ስርዓትን ብምኽባር ድሕንነት ህዝብን ሃገርን ንምርግጋፅ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ መላእ ሕብረተሰብ ልዑል ድጋፍ እናገበረ ይርከብ። ኣብ ኩለን ክልላት መላእ ህዝብና ሰንሰለት ጥፍኣት ካብ ምቕላዕ ጀሚሩ መፈፀሚ ኣጀንዳ ሁከትን ሕንፍሽፍሽን ንምፍጣር ዝፅዕሩ ዘለዉ ሓይልታት እናተቓለሰ ይርከብ። ብኻሊእ ወገን ድማ ዝተፈላለዩ ኣስማት ብምሃብ ስጉምቲ መንግስቲ ከዳኽሙ ዝፍትኑ ሓይልታት ከምዘለዉ መንግስቲ ኣረጋጊፁ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ዕሱባት ግብረ ራዕዳዊ ህወሓት መንግስቲ ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ብዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲታት ስዒቡ ዕግርግር ንምፍጣር እናሞከሩ 'ዮም። እዚ ዘመላኽቶ ድማ ብፍላይ እቶም ብሽም ፋኖ ዝሸቕጡ ዘረፍቲ ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ልዑል ክሕደት ዝፈፀሙ ታሪኻዊ ፀላእቲ ኢትዮጵያን ልኡኻቶምን ምዃኖም ዘመላኽት 'ዩ።

ኩሉ ህዝብና ነዚ ሸርሒ ብምግንዛብ ነቲ መንግስቲ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ ብምድጋፍ እጃሙ ከበርክት መንግስቲ የሓትት። ብተወሳኺ ንናይ ሓሶት ሓበሬታን ወረን ኣቓልቦ ብዘይምሃብ መንግስቲ ልዕልነት ሕጊ ንምኽባር ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ተሳትፎ ህዝቢ ተጣናኺሩ ክቕፅል ይፅውዕ። መንግስቲ ብወገኑ ኣብ ዘይሕጋዊ ስራሕቲ ብምውፋር፤ ኮነ ኢልካ ዕግርግር ንምፍጣር ኣብ ልዕሊ ተቓወምትን ውልቀሰባትን ከምኡ'ውን «ሚድያ» ሽፋን ብምግባር ዕግርግ ንምፍጣር ኣብ ዝንቐሳቐሱ ኣካላት መንግስቲ ዝወስዶ ስጉምቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ።

ሰላም፣ ድሕንነትን ምርግጋዕን ዜጋታት ዝረጋገፅ ልዕልነት ሕጊ ምስ ዝኽበር ጥራሕ 'ዩ። ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዝርከብ ዜጋ ብሰላም ወፂኡ ናይ ምእታው መሰሉ ክኽበርን ድሕንነቱ ክሕሎን ውሑስን ክኸውን ልዕልነት ሕጊ ክኽበር ድማ ህዝቢ ንምንግስቲ ዝሃቦ ሓላፍነት 'ዩ። ናይ ዜጋታት ናፅነትን ዲሞክራስን ክሰፍን ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ኣካል ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምዃኑ ክሳብ ዝተረጋገፀ ጥራይ 'ዩ። መንግስቲ ብሽም ናፅነትን መሰልን ዝፍፀም ዝኾነ ይኹን እከይ ተግባር ኣይዕገስን 'ዩ። መንግስቲ ብትዕግስቲ ብተደጋጋሚ ዝህቦ መጠንቀቕታ ሸለል ዝበሉ ሓይልታት ስርዓት ክሕዙ ዝግበር ልዕልና ሕጊ ብምኽባር ጥራይ 'ዩ። ኩሎም ዜጋታትን ዝተፈለየ ኣመለኻኽታ ዘለዎም ወገናት መሰሎምን ረብሓታቶምን ክኽብሩ ዝኽእሉ ልዕልነት ሕጊ እንትረጋገፅን ሰላም ምስ ዝሰፍንን ጥራሕ 'ዩ።

በኢፌዴሪ የመንግሥት ኮሙኒኬሽን አገልግሎት

FDRE Government Communication Service

## ብናይ ሓሶት ሓበሬታን ፕሮፖጋንዳን ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ንምስሓብ ምፍታን ትርጉም የብሉን!

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣብ ዝሓለፉ ቐረባ መዓልትታት ጉጅለ ህወሓት ኣብ ውግእ ዝማረኽክዎም ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ምሕረት ብምግባር ለቒቐዮም ኣለኹ ብምባል ስዒቡ፣ መንግስቲ ዘውፀኦ መግለፂ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

ብናይ ሓሶት ሓበሬታን ፕሮፖጋንዳን ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ንምስሓብ ምፍታን ትርጉም የብሉን!

ማሕበረሰብ ዓለም ሓቀኛ መንነቱ ጉጅለ ህወሓት እናተመልከተ ምምፅኡን ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንድኡ ኣሰሊፍዎ ዝነበረ ድጋፍ ምዝሕሓሉ ስዒቡ፣ ቐልቢ ማሕበረሰብ ዓለም ክገዝኣለይ ይኽእል 'ዩ ዝበሎ «ምፍታሕ ምሩኻት» ኣጀንዳ ንምግባር እናፈተነ 'ዩ፡፡

ወራሪነት፣ ኣዕናውን ሃገር መፍረስን ዝኾነ ባህርያቱ ህወሓት፣ እቲ ትኽክለኛ ባህርያቱ ንምሽፋን ሰላም እትደሊ መሲልካ ንምቕራብ ዝግበር ምጭብርባር 'ዩ፡፡ እዚ ጉጅለ ንማሕበረሰብ ዓለም ንምድንጋር ቅድሚ ሕዚ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ብምፍጣርን መሓዙት ሓይልታት ብምትሕብባርን ኣካል ውዲት እናገበረ ምምፅኡ ዝዝከር 'ዩ። ጉጅለ ህወሓት ኣብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ዝርከቡ ከባቢታት ብሓይሊ ብምውራር ኣብ ትሕቲኡ ገይርዎም ኣብ ዝፀንሐሎም ግዝያት ኢሰብኣዊ ተግባራት ይፍፅመሎም ዝነበሩ ሰባት ንባዕሉ ፕሮፖጋንዳ ንምጥቃም ሙሩኻት ብምባል ንማሕበረሰብ ውሽጢ ዓድን ደገን ከደናግር እናፈተነ ይርከብ።

መንግስቲ ነዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ዝገብሮ ዘሎ ምፅራይ መብዛሕተኦም በቲ ጉጅለ ሙሩኻት ተባሂሎም ዝተለቐቑ፤ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ካብ ክልል ትግራይ ለቒቑ ኣብ ዝወፀሉ እዋን በቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ተዓጊቶም ዝቐረዩ ኣባላት ቤተሰብ ሰራዊት 'ዮም ፡፡

ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብ ክልል ትግራይ ንስራሕ ኢሎም ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እታ ሃገር ዝነብሩ ዝነበሩ ሰላማውያን ሰባት ዓጊቱ ዘፅነሖም ጉጅለ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ፖለቲካዊ መኽሰብ ክረኽበሉ እኽእል 'የ ብዝብል ናይ ፕሮፖጋንዳ ድራማ፣ናይ ዝተፈላለዩ ምክልኻል ሓይልታት ፀጥታን መፍላዪ ክዳን ብምኽዳን ሙሩኻት ኢሉ 'ዩ ኣሰሊፉ።

እዚ ጉጅለ እዚ ኣብዚ ሰሙን እዚ ኩናት ይእውጅ ከምዘሎን ብግልፂ ይዳሎ ምህላዉ ብዘፍለጦን ስዒቡ ንተወሳኺ ዕንወት ብግልፂ ይዳሎ ከምዘሎን እዚ ተግባር እዚ ብግልፂ ነዚ 'ዩ ዘርኢ ።

ናይዚ ጉጅለ እዚ እከይ ተግባር ተሓባበርቲ ዝኾኑ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝንቐሳቐሱ ኣባላት ጥምረት ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ከም በዓል ሸኔን ካልኦት ኣኽረርቲ ጉጅለታትን ኣብዚ ፕሮፖጋንዳ እዚ ተሓባበርቲ 'ዮም።

ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ካብዞም ኣኽረርቲ ኣባላት ጉጅለታት ብምምልማልን ብምትእኽኻብን ብፍላይ ምስ ራዕዳዊ ጉጅለ ሸኔ ብምትሕብባር ከስልጥኖም ዝፀንሐ ብሽም ሙሩኻት ተልእኾኡ ንምፍፃምን ሓበሬታ ንምርካብን እናተንቀሳቐሰ ምዃኑ ብወገን መንግስቲ ዝተገብረ ምፅራይ የመልክት፡፡

ቕድሚ ሕዚ ጀሚሮም ክንዝሑ ዝፀንሑ ናይ ሓሶት ወረታትን ዕላማታትን ጥፍኣት ጉጅለ ህወሓት ብምዝካር፣ ሕዚ 'ውን እቲ ዝዝርግሖ ዘሎ ናይ ሓሶት ወረ ናይ ጥፍኣት ተልእኾኡ ንምፍፃም ይጥቐመሉ ከምዘሎ መላእ ህዝቢ ክፈልጥ ይግባእ ክብል እቲ መግለፂ ኣተሓሳሲቡ።

ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ህዝቢ ትግራይ ከም ማሕበረሰብ ይኹን ብውልቀ ዓርሱ ዘድሕን ባዕሉ ’ዩ››

- ፕሮፌሰር ሃረገወይን ኣሰፋ

ሄርሞን ፍቓዱ

ጋሻና ፕሮፌሰር ሃረገወይን ኣሰፋ ኣደ ጋዜጠኛ ሄርሜላ ኣረጋዊ ”የን፤ እዘን ምህርቲ ኣብ ትግራይ ተወሊደን ዝዓበያ እንትኾና ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ትምህርተን ምስ ወድኣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ብክፍሊ ትምህርቲ ሳይንስ (ፋርማሲ ) ብልዑል ውፅኢት ዝተመረቓን ኣደ ኽልተ ቆልዑን ‘የን። ድሕሪኡ ናብ ወፃኢ ሃገር ንተወሳኺ ትምህርቲ ብምኻድ ዶክትሬት ዲግሪ እናተምሃራ ደቀን እናዕበያ ብዙሕ ሓሳፍነት ፀይረን ኣብዚ ሕዚ ዘለውኦ ብርኪ በፂሐን ‘የን። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ፓርትነር ሽፕ ርክብ ጉዳያት ወፃእን እናሰርሓ ብሞያአን ድማ ኣብ ትምህርቲ ፋርማሲ ንዝገበሩ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ክሰርሓ ድሌት ኣለዎን። ምስ ፕሮፌሰር ሃረገወይን ዝገበርናዮ ፃንሒት ከም ዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

**ወጋሕታ፡-ቅድም ክብል ኣብ ትግራይ እናሃለኽን ዝነበረ ኹነታት ከመይ ትገልፅዖ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ኣነ ኣብ ትግራይ እናሃለኹ ዝዝክሮ ደቂ ኣንስትዮን ህፃውንትን እንትድፈራ ብዙሕ ፀገማት እንትበፅሐን ካፍታ ዘይትረብሕ ደመወዝና ንምርመራ ዓይደር ሆስፒታልን ኻሊእን ንመላለስ ነይርና። ድሕሪኡ ኲናት ገለመለ ተባሂሉ ኣነ ኣይሰማዕኹን ነይረ ለይቲ ዝኾነ ድምፅታት ነይሩ ሽዑ ጎራብተይ እቲ ጉዳይ ነጊሮምኒ፤ ብዙሕ ኣይፀናሕኹነን ኽዳውንተይ እኳ ኣይሓዝኩን ተፃዲፈ መንገዲ ምስ ተኸፈተ መፂአ።

ኣፍቲ እዋን ግና ብተወንጫፊ ሓንቲ ሰበይቲ ሞይታ ክብሉ ሰሚዐ’የ፤ እዚ ድማ ናይ ኲናት ተፈጥራዊ ባህሪ ‘ዩ፤ ኣብ ትግራይ ቅድሚ ኲናት እናሰራሕኹ ከለኹ ናይ ትግራይ ዝኣክል ቑፅሪ ዝድፈራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኻልኦት ክልላት ዝገደደ ይመስለኒ። ብወረ ዘይኮነ ካብ ሓኻይምን ጋዜጠኛታትን ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ዝረኸብክዎ መረዳእታ ‘ዩ። ካብ ሓኻይም ዝረኸብክዎ መረዳእታ ከምዝነግሩኒ መርሚርና ምስ ወዳእና ንበክይ ኢና ኢሎኒ ሓደ ሓኪም፤ ሓደ ድማ ካብ ወረዳ ዝሃበኒ መረዳእታ ካፍቲ ትሓስብዮ ንላዕሊ ‘ዩ ኢሉኒ። ኣብ ሽረ ዝፍለጥ ‘ዩ ክሳዕ 50 ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዝደፈረ ናይተን ዓበይቲ ተቛሚሩ ኣይውዳእን፤ ኣብ ሓደ ቤት ፅሕፈት ሽሙ ክፀርሕ ኣይደልን ካብ መጋቢት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሕን ፈረቓን 17 ጀሚሩ 127 ዝተደፈራ ህፃውንቲ ሪፖርት ተገይሩ፤ ቑልዓ 8 ወርሒ ከይተረፈት፡ ኣነ ንወይዘሮ ያለም ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ዝነበረት ኦፊስኹም ነዚ ይፈልጥዶ ኢለ ፅሒፈላ ነይረ።

ናይተን ዓበይቲ ተቛሚሩ ኣይውዳእን ኣብ መቐለ ‹‹በግ ተራ›› ዝበሃል ቦታ ኣሎ። ሰገናት 14ን 15ን ዕድሚኦን ከም በጊዕ ዝሸየጣሉ፤ ናብ ብዙሕ ቦታ ኸይደ ዳታ ኣኪበ ‘የ፤ እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ እሞ ድማ ኣብ ግዘ ሰላም ከምዚ እንተተገይሩ ኲናት እንትመፅእ፤ ኣብ መንን ድማ ገበነኛታ ካብ ቤት ማእሰርቲ እንትፍትሑን ዝፍጥር ፀገም እናዞሩ ከሳብቡ ክርእይ ከለኹ ንዓይ ዓብዪ ንዕቐት ‘ዩ።

ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ቦታ ሆስፒታል ዓይደር ‘ዩ፤ሓደ ግዘ ኸይደ ተኣኪቦም ብዛዕባ ምዕማፅ ደቂ ኣንስትዮ እናውግዑ ነይሮም። ኣብ ዓድዋን ኣብ ኣኽሱምን ዝተገበረ ነጊሮምኒ፤‹‹እስኻትኩም ብዛዕባ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ካብ መዓዝ ኢኹም ተጨኒቕኩም ትፈልጡ›› ኢለዮም። ስለዝኾነ ኣፍቲ ኣነ ዝነበርኩሉ እዋን ህዝቢ ታርጌት ዝገበረ ኲናት ኣይረአኹን፤ ነዚ ‘ዩ ድማ ኣይረአኹን ብምባለይ ብዙሕ ዘዋረዱኒ። ኣነ ኣካዳሚሻን ‘የ ንሓቂ ‘የ ዝነብር፤ ክቕየር ኣይክእልን ንሕልናይ ‘የ ዝነብር፤ ስለዝኾነ ነዚ ይመስል እቲ ፃንሒተይ፤ ድሕሪኡ ሓሙስ ኣውሮፕላን ተጀሚሩ ንሰንበት በፂሑኒ ንዓመታት ዝኣከብኽዎ ኽዳውንተይን ጫማይንኳ ኣይሓዝኩን ሽዑ መፂአ።

**ወጋሕታ፡- ሐዚ ካብ ወፃኢ ተመሊስክን ኣብዚ እንታይ ትሰርሓ ኣለኽን?**



ፎቶ ፀሐይ ገጉቤ

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ሐዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ፓርትነር ሽፕ ርክብ ጉዳያት ወፃእን ብሞያይ ድማ ኣብ ትምህርቲ ፋርማሲ ንዝገበሩ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ክሰርሕ ‘ውን ድሌት ኣለኒ፤ ይኹን ‘ምበር እቲ ሐዚ ዝዛረቦ ዘለኹ ኹሉ ንኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ኣይውክልን። ናይ ውልቀይ ‘ዩ፤ ናብ ወፃኢ ብትምህርቲ ዕድል ካብዚ ‘የ ኸይደ ንቡዙሕ ዓመታት ድማ ፀኒሐ ‘የ።

**ወጋሕታ :- ወድዓዊ ኹነታት ሃገርና ብፍላይ ፖለቲካዊ ጉዳይ ብኸመይ ይገልፅዖ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** እቲ ቻሌንጅ ቐሊል ኣይኮነን ኸቢድ ‘ዩ፤ ኾይኑ ግና ተስፋ ድማ ይርኣይ ኣሎ፤ እቲ ዝተሰርሐ ፓርከታት ፅባቐኡ ጥራሕ ዘይኮነስ ጥቕምታቱ ‘ውን ረዚን ‘ዩ፤ ሰብ ኣብ እንዳ መስተ ወይ ድማ ኻሊእ ነዚ ዘይመስል ቦታ ‘ዩ ዝውዕል ነይሩ፤ ሐዚ መማረፅታት ኣለዎ ናይ ስራሕ ባህሊ ዝቕይር ‘ዩ፤ እቲ ኲናት እንተተወዲኡ ብዙሓት ተስፋ ዘለዎም ጅማሮታት ኣለዉ ‘ዮም።

**ወጋሕታ :- ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብኣኽን ከመይ ይግለፅ፤ ብፍላይ ድማ ደቀን ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝዓበዩ ምስ ምኻኖም ከመይ ገይረን ‘የን ብስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣዕብየንኦም ብፍላይ ሄርሜላ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ብሓፈሻ ኹሉ ካብ ሰብኣውነት ‘ዩ ዝጅምር። ኣሜሪካ ኻልኣይቲ ዓድና ‘ያ ንዓይን ንደቀይን ዘይብልና ነገር ሂባትና ‘ያ፤ እንተኾነ ግና እቲ ዝመፃናሉ ይስመዐና ‘ዩ፤ ኣነ ዝኾነ ፅቡቕ ነገር እንትርኢ ንዓድና ከምዚ ተዝኸውን ኢለ ይሓስብ፤ ብፍላይ መጀመሪያ እንትኸይድ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚሲሲፒ ‘የ ኣትየ ንእሽተይ ከተማ ‘ያ፤ ኢትዮጵያ ክትብልዮም ከለኺ ንምኻኑ ዝብላዕ ኣለኩምዶ ይብሉኒ ነይሮም፤ ይስመዐኒ ‘ዩ፡ ብፍላይ ሄርሜላ ድማ እቶም ኣፍቲ ዓዲ ዘለዉ ጋዜጠኛታት ንናይ ባዕሎም ጥራሕ ‘ዮም ዘዳልዉ ‘ምበር ጉዳይ ኣፍሪካ ብዙሕ ኣየድህቡሉን፤ ካብዚ ተበጊሳ ኣነ ተዘይሰሪሐ ድኣ መን ክሰርሖ ኾይኑ ብምባል ጉዳይ ኢትዮጵያን ኣፍሪካን ናይ ሰብኣውነት ጉዳይ ስለዝኾነ ዘይርኻ ናብ ሃገርኻ ስለዝኾነን ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡-ቓስን ሄርሜላ ኣረጋዊ ማዕረ ኽንድዚ ደሚቓ ክትወፅእ ዝኽኣለትሉ ምሽጥር እንታይ ‘ዩ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ሄርሜላ ፍልጠትን ክእለትን ኣለዋ ንፍዕቲ ‘ያ፤ ብተወሳኺ ድማ ዝዓበየትሉ ሃዋህው ምቹው ‘ዩ ነይሩ፤ ሃንደበት ዝመፀ ዘይኮነስ ኣነ ‘ውን እሳ ኣብዚ ንኽትበፅሕ ብዙሕ ዋጋ ኸፊለ ‘የ፤ ኣነ ዝዓበኹሉ ትግራይ ኣዝዩ ሕማቕ ባህሊ ዘለዎ ቦታ ስለዝኾነ ካብ ኹሩምቲ ሕማቕ ባህሊ ፈንፂሐ ንምውፃእ ብዙሕ ዋጋ ‘የ ኸፊለ፤ እሳ ዝደለየቶ ንክትኸውን ሙሉእ ናፅነት ሂበ ‘የ ኣዕብየያ፤ ሞዴሊንግ ክመሃር ኢላትኒ ተማሂራ ከም ድሌታ ክትኸውንን ክትነፍዕን ገይረ ‘የ ኣዕብየያ።

ኣብ 2009 ኣ.ፈ ብጆርናሊዝም ተመሪቓ ኣብ ዝተፈላለዩ ሚዲያታት ሰሪሓ ‘ያ፤ ብዙሕ ልምዲ ኣለዋ፤ ቕድሚ ሐዚ ከም ናታ ገይሩ ሞይኡ ዝፈትው ሪአ ኣይፈልጥን፤ ኹላትና ኣብ ፖለቲካ ብዙሕ ኣይነበርናን ድሓር ግና ቀስ እናበሉ ምስ ደፋፍኡና ኢና ምዝራብ ዝጀመርና።

እቲ ወደይ ‘ውን ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን። ፖለቲከኛታት ህወሓት ግና ንኽበላሾ ገይሮሞ፤ ንሕና ሱቕ እንተበልና ‘ውን ሱቕ ከብሉና ኣይከኣሉን ማዕረ ናብ ስርሓ ኸይዶም ካብ ስርሓ ክትባረር ገይሮማ ‘ዮም፤ ኣነ ድማ ኣጆኺ ኢለያ። ነቲ ወደይ ይጥቀሙሉ ‘ዮም፤ ኻሊእ ይትረፍ ንሓፍትኻን ንኣዴኻን ቕተለን እናበሉ ይልእኽዎ ‘ዮም። እሱ ግና ዝፈልጦ ነገር ኣይነበሮን። መሓዙቱ ይኹኑ ፍቕረኛኡ ፃዓዱ ‘ዮም፤ እቲ ዝምሃሩሉን ዝነብሩሉን ከባቢ ኣሽንኳይዶ ፖለቲካ ክዝረበሉስ ፀለምቲ ኣይነበርዎን ኹሎም ፃዓዱ ዮም፤ እሳቶም ግና (ጉጅለ ህወሓት) ኣበይ ከምዘለዉ ፈሊጦም ንዓና ስለዝፀልኡና እናተጠቐሙሉ ‘ዮም።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ናይ ሄርሜላ ምንቅስቓስ ዘለኪ ሪኢቶ እንታይ ዩ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** እሳ ሓቂ ሒዛ ‘ያ ትኸይድ ዘላ፤ ኣነ ብዋናነት ሓደ ሃይማኖት ኣይኽተልን ኾይኑ ግና ብሓደ ኣምላኽ ‘የ ዝኣምን፤ ምኽንያቱ ኣብ ሰሜን ዘሎ ሃይማኖት ንደቂ ተባዕትዮ ዝተፈጠረ ስለ ዝኾነ ብናይ ዓርሰይ መገዲ ኣጠንኪረ ‘የ ዝኣምን፤ ስለዝኾነ ምስቲ ዘለዋ ፍልጠት ሓቂ ሒዛ ‘ያ እናኸደት ዘላ ብምኻኑ ድማ ዋላኳ ዘፈራርሑዋን ዝሕነዩላን እንተሃለዉ ብኻልእ ወገን ድማ ዝድገፍዋ ኣለዉ ‘ዮም፤ እቲ ኹነታት ዳርጋ ደቂ ኣንስትዮ እንተኾይንኽን ክትትንፍሳ ‘ውን ኣይትኽእላን ኢኽን ‘ዩ፤ ክትዛረቢ እንተዘይኪኢልኪ እንታይ ማለት ‘ዩ፤ ጓል ኣንስተይቲ ብባህሊ ትግራይ ድሕርቲ ‘ያ። ኣነ ድማ ኣይቕበሎን ክሕሰው ኣይኽእልን፤ ሓሰየ ተዛሪበ ክድቅስ ኣይኽእልን፤ ስለዝኾነ ሓቂ ሒዛ ስለትኸይድ ሓቂ ዘለዎ ድማ ስለዝስዕባ ሕጉስቲ ‘የ።

**ወጋሕታ፡- ጉጅለ ህወሓት መገዲ ሰላም ብምዕፃው ንዳግም ወራር እናተዳለወ ‘ዩ፤ በዚ እንተቕፂሉ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ መወዳእታ ስጉምቲ ከምዝወስድ ገሊፁ ‘ዩ፤ እዚ ብኸመይ ይገልፅዖ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ቕድሚ ኹሉ እዞም ሰባት እዚኦም እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ኣይፈልጡን፤ ምኽንያቱ እቲ ቕድም ክብል ምስ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ዝተገበረ ኲናት ክግበር ዘይነበሮ ‘ዩ። ንምንታይ እንተይልክኒ ኣነ ኣብ ናታቶም ሚዲያ ብዛዕባ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ከም ዝሪኦ ዝነበርኩ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኮይኖም እንትዓፅዱ፤ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት እንተልምዑን ዓቕሚ ንዘይብሎም ክሕግዙን ‘የ ዝፈልጥ ነይረ። ኣነ ብዓይኒ ፖለቲካ ዘይኮነስ ከም ሰብ ኮይነ ክገልፆ ከለኹ ኣድላዪ ዘይኮነን ግፍዕን መከራን ‘ዩ ተፈፂሙ።

ሐዚ ድማ ኣብ ሚዲያታቶም ዝብልዎ ዓባይ ትግራይ፣ ናፃ ትግራይ እናበሉ ክዛረቡ ይሰምዖም ‘የ፤ ቐደሙ’ኸ ትግራይ ናፃ እንድያ ነይራ፤ ብዙሕ ዘዋቓዕ ነገራት ‘ዮም ዝገብሩ ዘለዉ ናፃ ክንኸውን ኢና እናበሉ ንመንግስቲ ፌደራል ድማ በጀት ይሃበና ረድኤት ይሃበና እናበሉ ይርከቡ። ንዓይ እዚ ሱቕ ኢልካ ዕግርግር ከም ዝኾነ ‘ዩ ዝርድኣኒ።

ሐዚ ድማ ፈንፂሕና ክንወፅ ኢና እናበሉ ይርከቡ፤ ቐደሙ’ኸ ጎረቤት ንኸይህልዎም ድዮም ዝቃለሱ ነይሮም፤ ሐዚ ተኸቢብና ዝብሉ ዘለዉ ቐደም ‘ውን ዓፋር ይኹን ክልል ኣምሓራ ጎራብቲ ‘የን ነይረን ትግራይ ድማ ኣብ ቦትኣ ‘ያ ዘላ፤ ቕድሚ ኲናት ምጅማሮም ጎራብቶም ከምዝኸብዎም ክርድኡ ነይርዎም። ጎራብቶም መፂኦም እንተቕቲሎም ድማ ከምዘይመፁ ምግባር ይኽእሉ ‘ዮም። ነዚ ‘የ እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ኣይፈልጡን ዝብል ዘለኹ።

ኹሉ ነገር ቐሊል ኣይኮነን፤ ብፍላይ ድማ ኲናት ሒዝዎ ዝመፅእ ፀገም ርኢናዮ ኢና። ካብዚ ንላዕሊ ፀገም ኣብ ልዕሊ ፀገም ምድርራብ ጥቕሚ ከምዘይብሉ ንምርዳእ ኣብ ቐረባ እዋን ምስ ጎራብቲ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ዝተገበረ ዘሕዝን ጎንፅታት ምዝካር ኣድላዪ ‘ዩ። ብምኻኑ ድማ ዝኹሉ ዝሓለፈ ክሳራታት ዝተዳኸመ ክልልን ህዝብን ሒዝካ እሞ ድማ እዋን ኸራማት እናኣተወ ኣብ ዘለሉ ግዘ ተመሊሶም ከምዚ ዝበለ ዘሕዝን መገዲ ጥፍኣት ምውሳኖም ኣዝዩ ዘሕዝንን እቲ ዝመፅእ ክሳራ ድማ ፈለማ ንባዕሎም ዘጥፍኦም ክኸውን ከምዝኽእል ክፈልጡ ይግበኦም።

መብዛሕትኡ ግዘ ከምዚ ዝበለ ውሳነ እንትውስኑን እንትዛረቡን ሓገዝ ንምድላይን ኣብ ጎኖም ኻልኦት ንኽስለፉ ንምግባር ተዘይኮይኑ ዓቕሚ ሃልይዎም ኣይኮነን፤ ኣነ ኣብ ትግራይ እናሃለኹ መብዛሕትኦም ሰበ ስልጣን ህወሓት ይፈልጡም ‘የ፤ በዓል ኣባይ ፀሃየ ክዘራርቦም ከለኹ ብፅሞና ተረዲኦም ሓቂኺ ኢኺ ይብሉኒ ነይሮም፤ ይኹን ‘ምበር፤ ናብ ታሕቲ ወሪድኺ ህዝቢ ክትርእዮ ከለኺ ግና ዝገርም ‘ዩ። ሓደ ነገር እንተተዛሪብኪ ጉድ ‘ዮም ዘምፅኡ፤ ናይ ሰብ ኽብሪ የብሎምን። ከምቲ እትሪእዎ ፀርፍታት ዝመፅእ ካብ ህዝቢ ‘ዩ፤ እዚኣቶም እቲኣቶም ዝበሃል ነገር የለን፤ ኹሎም መስመርና ዝብልዎ ነገር ጥራሕ ‘ዩ ዘለዎም፤ ሓደሓደ ብጌጋ ዝተፈጠሩ ውሑዳት ንርኢ ኢና ብሓፈሻ

# ዕዱም ጋሻ

ግና እቲ ፀገም ብብርኪ ህዝቢ ስለዝኾነ ኣዝዩ ዘሕስብ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- እቲ ሐዚ ዝሓስብዎ ዘለዉ ኲናት መበል ሳልሳይ ዩ፤ ብምኳኑ ድማ ዕሸላት ናብ ኲናት ንኽስለፉ ይግበር ኣሎ እቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ ከምዘሎ ኮይኑ ፤ ብሓፈሻ ኣፍቲ ክልል ዘሎ ማሕበራዊ ቅልውላው ካብ ምንታይ ዝነቐለ "ዩ ይብላ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን ኣሰፋ፡-** እዚ ሓሳብ ብዝምልከት ብቐዳማይ ኣብ ሓደ ሚዲያ ብዘይተለመደ መልክዑ 'የ ኣቕሪበዮ ነይረ፤ ምኽንያቱ ደጋጊምና ህወሓት ንብል 'ምበር እሳቶም ንባዕሎም ቪክትም (ተጠቃዕቲ)'ዮም፤ ሐዚ ዓበይቲ ሰባት እንተኾኑ 'ውን ትማሊ ናይ 13ን 14 ዓመት ሰገናት 'ዮም ነይሮም፤ ብፅልኢት ተመሊኦም እናተደፍኡ ብጓይላ ጠበንጃ ሒዞም ናብ በረኻ ንኽወፁ 'ዮም ተገይሮም። እዚ ማለተይ ንሳቶም ዝሰርሕዎ ገበን እናተኸላኸልኩ ዘይኮነስ፤ ሐዚ ዘለዉ ትዲኤፍን ህወሓትን ንዓይ ሓደ 'ዮም፤ ብፅልኢት ተመሊኦም ኣብ ዕድመ ቑልዕነቶም እናተልኣኹ 'ዮም።

እቲ ሐዚ ዝግበር ዘሎን ቅድሚ ዒስራን ገለን ዓመት ዝተገበረን ኹሉ ንዓይ ሓደ 'ዩ፤ ኲናት እንትግበር ጓይላ ዝግበረላ ቦታ ትግራይ ጥራሕ 'የ ዝፈልጥ፤ ብሽም ኣዴታት ኹናት ዝስየመላን፤ ሓንቲ ኣዶ ጅግና ንኽትበሃል ሓሙሽተ ደቃ ደፊኣ እትልእኽ ኣብ ትግራይ'የ ዝርኢ ዘለኹ፤ እዚኣተን ኣዴታት ኣይብለንን፤ ኣንስቲ 'የ ዝብለን፤ ምኽንያቱ ናይ ኣደ መልክዕ ኣርእየን ኣይፈልጣን፤ እቲ ክልል ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ስለዝኾነ ደቂ ኣንስትዮ መገልገልቲ 'ምበር ኣደነተን ዘይተለማመዳ ክፋል ሕብረተሰብ 'የን። ሓንቲ ኣደ ጅግና ክትበሃል በቐደማይ ሓሙሽተ ደቃ ኣጋዲላ ክትብል ከላ እዚኣ ናይ ኣደነት ተፈጥሮ ዘይብላ 'የ ኢለ። ስለዚ ኹልኽን ኣዴታ በጃኽን ደቅኽን ናብዛ ዓለም ክተምፅኣ ከለኽን ፈቒዶም ዘይኮነስ ብናታትክን ፍቓድ ስለዝኾነ ፍቕሪ ምሃርኦም 'የ ዝብል።

ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ዘሎ ድሑርን ሕማቕን ባህሊ ዳርጋ ከም ኣምልኾን ባህልን ዝቑፀር ኲናት ናይ

> **ኲናት እንትግበር ጓይላ ዝግበረላ ቦታ ትግራይ ጥራሕ 'የ ዝፈልጥ፤ ብሽም ኣዴታት ኹናት ዝስየመላን፤ ሓንቲ ኣዶ ጅግና ንኽትበሃል ሓሙሽተ ደቃ ደፊኣ እትልእኽ ኣብ ትግራይ'የ ዝርኢ ዘለኹ**

ምምላኽ ጉዳይ፤ እቲ ፖለቲካ ናብ እምነት 'ዩ ተቐይሩ፤ ኣብ ትግራይ ካብ ፖለቲካዊ ቕዋም ንላዕሊ ሃይማኖት ምቕያር ይቐልል፤ እቲ ዘሕዝነኒ ብብርኪ ማሕበረሰብ ምኳኑ 'ዩ፤ ኹሉ ማዕረ ክኸውን ኣለዎ ኢልካ ምሕሳብ ከማይን ንዓይ ዝመስልን ብጌጋ ከም ዝተፈጠረ ገይርካ ናይ ምቑፃር እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ሕብረተሰብ 'ዩ፤ ሓደ ሰብ ባንዳ እንተተባሂሉ ትግራዋይነቱ ተሪፉ ሰብ ምኳኑ ተሪፉ ህይወቱ ከም ሃመማ ይቑፀር፤ ስለዝኾነ ኣተሓሳስብኦም ተዘዐርዩ ኢለ ይኣምን።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ደገ ዘለዉ ዲያስፖራታት ከምቲ ናይ ቅድሚ ሐዚ ወፍሪ ‹‹No More ›› ብተመሳሳሲ ሐዚኸ እንታይ ተራ ኣለዎ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ዲያስፖራ ተርኡ ዕዙዝ ዩ፤ ከምቲ ዝሓለፈ ነቒሕናልኩም ኢና ብምባል ፅቡቕ እናተንቀሳቐሱ 'ዮም። ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ብሓባር እናተንቀሳቐሱ 'ዮም ኣብ ቐረባ መዓልቲ ኣዴታት ስለዝኾነ ናብ ጁን 5 ቐይሮሞ 'ዮም፤ ብምኳኑ ድማ ኹሎም ኢትዮጵያውያን ሄርሜላ 'ውን ውሽጣውሽጢ ብዙሕ እናሰርሑ 'ዮም።

**ወጋሕታ፡- ህዝቢ ትግራይ ንምታይ 'ዩ ንስርዓት ጉጅለ ህወሓት ካብ ልዕሊኡ ከውርዶ ዘይከኣለ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** እቲ ዝገርመኩም ህዝቢ ካብኣቶም ዝገደደ 'ዩ፤ ምኽንያቱ ንነዊሕ እዋን ከባቢ 50 ዓመት ዝፈልጥዎ እዚ ባህሊ ጥራሕ 'ዩ፤ ብምኳኑ ድማ ነዚ ባህሊ ጥራሕ 'ዩ ዝፈልጥ ዝበልኩኹም በዚ ምኽንያት 'የ፤ መራሕቲ ህወሓት ብውልቀይ በዓል ኣባይ ፀሃየ ይፈልጦም 'የ፤ ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ትኹረት ገይረ እናተንቀሳቐስኩ ነይረ፤ ነዚ ኣመልኪተ ድማ ንኣይተ ኣባይ ፀሃየ የዘራርቦም ነይረ። እሶም ድማ ሓቅኺ ኢኺ እናበሉ ብትሕትና ይሰምዑንን ክርድኡኒ ይፍትኑን ነይሮም፤ ናብ ታሕቲ ወሪደ ህዝቢ ክሪኦ ከለኹ ግና ሓደ ነገር እንተተዛሪበ ዋላ ሓንቲ ኣኽብሮት የብሎምን፤ ነዚ እየ እቲ ባህሊ ክቕየር ኣለዎ ዝብል ዘለኹ፤ ስለዝኾነ ህዝብን እሳቶምን ዝበሃል የለን ኹሎም ሓደ 'ዮም መስመር ዝብልዎ ነገር ኣለዎም፤

ብሓፈሻ ብብርኪ ህዝቢ ስለዝኾነ እቲ ፀገም ዘተሓሳስብ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ጉጅለ ህወሓት ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘስዐቦ ጉድኣት ከመይ ይገልፀኦ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን ፡-** እቲ ዝበፅሖ መጉዳእቲ ንዓርሶምን ንሃገር መከላኸሊ ሰራዊትን ኣባፂሖ 'ዩ፤ ኣዝዩ ኸቢድ ዕንወትን ክሳራን 'ዮም ኣብፂሖም። እዚ ኹሉ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝሞተ መንእሰይ ዘሕዝን 'ዩ፤ ሓደ ዝገርም ኣበሃህላ ኣለዎም መስዋእቲ ዝብልዎ ነገር፤ ሰብ ክነብር 'ዩ ተፈጢሩ ኢለ ይኣምን ብናታቶም ኣተሓሳስባ ግና ንመስዋእቲ ጥራሕ ከምዝተፈጠረ 'ዮም ዝኣምኑ። ህዝቢ ትግራይ ብዙሕ መስዋእቲ ኸፊልና ኢና ኢሉ ስለዝሓስብ ምስኣቶም ዝተኣሳሰረ 'ዩ፤ ፈሊኻ ዝርኣይ ኣይኮነን። እቲ ጉድኣት ድማ ካብ ባዕሎም ዝመፀ 'ዩ፤ መብዛሕትኡ ግዘ ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ ‹‹ሓደ ሰብ ካብ ኻሊእ ሓደጋ ክተድሕኖ ትኽእል ኢኻ ካብ ባዕሉ ንዝመፅእ ወይ ድማ ባዕሉ ንዝፈጥሮ ሓደጋ ግና ኣይተድሕኖን›› ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ከም ማሕበረሰብ ይኹን ብውልቀ ዓርሱ ዘድሕን ባዕሉ 'ዩ፤ ንዝሓለፉ 50 ዓመታት ብዙሕ ተጎዲእና ኢና፤ ብዙሕ መስዋእቲ ኸፊልና ኢና፤ ስለዝኾነ ይኣኽለና ክብል እንተኽኢሉ ህወሓት ዓቕሙ እናተዳኸመ እንተኸይዱ መንግስቲ 'ውን ዝሐሸ ዓቕሚ እናሃለዎ ክኸይድ 'ዩ ኢለ ይሓስብ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ክተርፍ የብሉን ዝብልኦ ሓሳብ ወይ ድማ ዘሕልፍኦ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ብሓፈሻ ክብሎ ዝደልይ ኣብ ሚዲያታት ናፃ ሓሳብ ዝዝረበሉ ኣይረኣኹን፤ ተዝህሉ ኣብ ኢትዮጵያ ፅቡቕ ምኾነ ኢለ ይሓስብ። ኹሉ ኢትዮጵያዊ ሱቕ ኢልና ካብ እንትችው ናብ ታሕቲ ወሪድና ፀገማትና ተንፈትሕ፤ ኣብ ትግራይ ዘለኹም መናእሰያት ድማ ከምቲ እትባህልዎ ፅልኢ ጥራሕ ዘይኮነስ ፍቕሪ 'ውን ኣሎ 'ዩ ሓሳብኩም ኣግፍሑ ይብል።

**ወጋሕታ፡-ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን**

**ፕሮፌሰር ሃረገወይን፡-** ኣነ'ውን የመስግን።

## መናእሰይ ትግራይ ...

ኣብ ዕድመ ቑልዕነቶም ልእኽቶ እናተቐበሉ'ዮም ዝበላ እተን ፕሮፌሰር፣ እቲ ሐዚ ዝግበር ዘሎን ቅድሚ ዒስራን ገለን ዓመት ዝተገበረን ኹሉ ንዓይ ሓደ 'ዩ፤ ካብ ፅልኢ ዝርከብ ሞትን ክሳራን ጥራሕ ስለዝኾነ ናብ ናይ ፍቕሪ ኣተሓሳስባ ክኣትዉ ይግበኦም ክብላ ምዒደን።

በቲ ቕድም ክብል ዝተገበረ ኲናት ኣዝዩ ኸቢድ ዕንወትን ክሳራን 'ዮም ኣብፂሖም ዝበላ እተን ፕሮፌሰር፣ እዚ ኹሉ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝሞተ መንእሰይ ዘሕዝን 'ዩ ኢለን ።

ጉጅለ ህወሓት ሓደ ዝገርም ኣበሃህላ ኣለዎም ንሱ'ውን መስዋእቲ ዝብልዎ ነገር ዝበላ ፕሮፌሰር ሃረገወይን፣ ሰብ ክነብር 'ዩ ተፈጢሩ ኢለ ይኣምን ብናታቶም ኣተሓሳስባ ግና ንመስዋእቲ ጥራሕ ከምዝተፈጠረ 'ዮም ዝኣምኑ ክብላ ገሊፀን።

‹‹ህዝቢ ትግራይ ከም ማሕበረሰብ ይኹን ብውልቀ ዓርሱ ዘድሕን ባዕሉ 'ዩ፤ ንዝሓለፉ 50 ዓመታት ብዙሕ ተጎዲእና ኢና ብዙሕ መስዋእቲ ኸፊልና ኢና፤ ስለዝኾነ ይኣኽለና ክብል እንተኽኢሉ ህወሓት ዓቕሙ እናተዳኸመ እንተኸይዱ መንግስቲ 'ውን ዝሐሸ ዓቕሚ እናሃለዎ ክኸይድ 'ዩ›› ኢለ ይሓስብ ክብላ ኣብሪሀን።

ብዛዕባ እቲ ሐዚ ዝሕሰብ ዘሎ ኲናት፤ እቲ ቅድሚ ሐዚ ዝሓለፈ ክሳራታትን ዝተዳኸመ ክልልን ህዝብን እሞ ድማ እዋን ኽራማት እናኣተወ ኣብ ዘለሉ ግዘ ተመሊሶም ከምዚ ዝበለ ዘሕዝን መገዲ ጥፍኣት ምውሳኖም ኣዝዩ ዘሕዝን ከምዝኾነ ጠቒሰን፣ እቲ ዝመፅእ ክሳራ ድማ ፈለማ ንባዕሎም ዘጥፍኦም ክኸውን ከምዝኽእል፤ መራሕቲ ህወሓት መብዛሕትኡ ግዘ ከምዚ ዝበለ ውሳነ እንትውስኑን እንትዛረቡን ሓገዝ ንምድላይን ኣብ ጎኖም ኻልኦት ንኽስለፉ ንምግባር ተዘይኮይኑ ዓቕሚ ሃልይዎም ኣይኮነን ክብላ ተዛሪበን።

## ህዝቢ ትግራይ ...

'ዩ፡፡ መራሕቲ ህወሓት ደቆም ኣብ ወፃኢ እናምሃሩ ዝተመቸወ ናብራ እናነበሩ እቲ ህዝቢ ግና ካብ ኣብራኹ ዝተረኽቡ ደቁ ብሓይሊ እናተወሰደሉ ናብርኡ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ኾይኑ ናብራ ሰቐቕን እናመርሐ ይርከብ፡፡

እዚ ከይኣኽሎ ህወሓት ንዘመናት ምስ ዝተዛመዱ ኣሕዋቱ እንተዘየቆራረፀኹ ምባሉ በቲ ውድብ እናተፈፀመ ዘሎ ግፍዒ ካብ ግፍዒ ዝኸፍአ 'ዩ ዝበለ መግለፂ ዴ.ም.ህ.ት ፣ወያነ ዝተስዓረ ሎሚ ኣይኮነን ዓመታት ኣቑፂሩ 'ዩ፤ ኸዚ ከም ሽፍታ ብዘይ ሕጋዊ ህዝቢ ትግራይ ዓጊቱ ከምዘሎ ኣመልኪቱ፡፡

ህዝቢ ትግራይ በዚ ጉጅለ ተዓፊኑ መእተዊ መውፅኢ ስኢኑ ደቁ እናተመንጠለ ኣብ ውሽጢ ስቃይ ስለዝርከብ ዘሎ ፍታሕ ህወሓት ወዲእኻ ምጥፋእ 'ዩ ክብል ኣረዲኡ። ኣብዚ ኸዚ ብሰፊሕ ናብ ተጋደሎ ዝኣተወ ሰራዊት ዴ.ም.ህ.ት ራዕዳዊ ህወሓት ንሓደ ግዜን ንሓዋሩን ብምድምሳስ ሰላም ንሃገርና ክነስፍን ኣለና ክብል ገሊፁ፡፡

‹‹ህዝቢ ትግራይ ንዓመታት ዝበፅሖካ ዝነበረ ስቓይን መከራን ኸዚ ክዛዘም ኣለዎ፡፡ ዝዛዘመሉ መገዲ ድማ ደቅኻ ኾነ ንብረትኻ ንህወሓት ኣይንህብን ብምባል 'ዩ ዝጅምር፤ ኣብ ወፃኢ እትነብሩ ተጋሩ ድማ ንህወሓት ክትሕግዙ የብልኩምን፤ ህወሓት ህዝብኹም እናወደአ ምስ ኹሉ ኣሕዋትኩም ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣፃሊኡ ኹሉ መንገዲ ብምዕፃው ህዝቢ ትግራይ ብጥምየትን መከራን ክነብር እናገበረ ስለዝኾነ ተግባር ህወሓት ከይተረዳእኹም ንህወሓት ሓገዝ እትገብሩ ኣብ ወፃኢ ዘለኹም ኣካላት ካብዚ ተግባርኹም ንኽትቁጠቡ›› ክብል ኣተሓሳሲቡ፡፡

ንህዝቢ ትግራይ ፍታሕ ዝኸውን ህወሓት እንትጠፍእ ጥራሕ ስለዝኾነ ነዚ ጉጅለ ንምጥፋእ ድማ ዴ.ም.ህ.ት እናተቃለሰ ስለዝርከብ ኩሉ ኣብ ጎኒ እቲ ፓርቲ ጠጠው ክብልን ክስለፍን ፃውዒት ኣቕሪቡ፡፡

ብምኽንያት ህወሓት ዓብይ ፀገም እናበፅሖ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ኣትይዎ ካብ ዘሎ መከራን ሰቐቕን ንምልቓቕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ትግራይ ብምኳን ክቃለሶ ይግባእ ይብል መግለፂ ዴ.ም.ህ.ት ኣመልኺቱ፡፡

## ሕፀረት ሸርፌ ...

ሸዴ ብወገኖም፣ መንግስቲ ብወፃኢ ሸርፌ ኣቕርቦት ቅድሚት ምርካብ ዘለዎም ዘፈራት ፈልዩ እናሰርሐ ከምዝኾነ፣ ባዓል ሃፍቲ ዘልዕልዎ ፀገም ሸርፌ ወፃኢ ኣቕርቦት ብዘላቕነት ንምፍታሕ መጀመርያ ምህርቲ ምዕባይ ከምዘለዎም ኣመልኪቶም፡፡

ናይዛ ሃገር ዕብየት ሞተር ዝኾነ ዘፈር ምህርቲ ኢንዱስትሪ ብሃገር በቀል ኢኮኖሚ ዋና ትኹረት ከምዝተውሃቦ ዝገለፁ ኣይተ ኣሕመድ፤ ብወገን መንግስቲ መሰረተ ልምዓት ምስፋሕ፣ ኣቕርቦት ሸርፌ ወፃኢ ምዕባይ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዘሎ ቢሮክራሲ ንምቅላል ዝሕግዙ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ከምዝቀፀሉ ገሊፆም፡፡

እዚ ዘፈር ንምዕባይ ድማ ካብ መንግስቲ ዝሓለፈ ተሳትፎ ውልቃዊ ዘፈር ወሳኒ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣሕመድ፣ ባዓል ሃፍቲ ወፃኢ ሃገርን ውሽጥን ምህርቶም ብምዕባይ ኣብ ኢኮኖሚ ዘበርክትዎ ግደ ምዕባይ ይካኣል 'ዩ ኢሎም፡ ፡

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ሚድሮክ ኢንቨስትመንት ግሩፕ ኣይተ ጀማል ኣህመድ ብወገኖም፣ ኣብ ውልቀ ዘፈር ዘሎ ምህርቲ ኢንዱስትሪ ፀገማትን ኣብ ተደሓሓዝቲ ጉዳያት ዙርያ ኣብ ዘቕረብዎ ፅሑፍ ከምዘገለፅዎ፣ መንግስቲ ንባዓል ሃፍቲ ውሽጢ ሃገር ዝገብርዎ ሓገዝ ምዕባይ ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ኣቕርቦት ሸርፌ ወፃኢ ብፍትሓውነት ንኣምራቲ ኢንዱስትሪ ብምቕራብ እቲ ዘፈር ንምዕባይ ይግባእ ኢሎም፡፡

ምህርቲ ውሽጢ ሃገር ብምዕባይ ምስ ወፃኢ ሃገራት ዕዳጋ ካብ ዝረኽቦ ስራሕ ንግዲ ዝረኸቦ ሸርፌ ወፃኢ ንተወሳኺ ኢንቨስትመንት ናይ ምውዓል ድልየት ኣለዎ፤ ብምኳኑ ንወፃኢ ሃገር ባዓል ሃፍቲ ዝዋሃብ ትኹረት ንውሽጢ ሃገር ዘሎ ባዓል ሃፍቲ ብምሃብ ኣምራቲ ምድጋፍ ይግባእ፡፡

ኣብ ኣምራቲ ኢንዱስትሪ ዘጋጥሙ ብዙሓት ፀገማት ከምዘለዉ ብምግላፅ፣ መንግስቲ 'ውን ምስ ውልቀ ዘፈር ዘለዎ ምትሕብባር አጠናኺሩ እንተኸይዱ ኣብ ኣምረቲ ዘጋጥም ፀገማት ብምቕራፍ ምህርታዊነት ምዕባይ ከምዘድሊ ኣመልኪቶም፡፡

መንግስቲ ንኣምረቲ ኢንዱስትሪ ዝሃቦ ትኹረት ኣብቲ ዘፈር ለውጢ ተመዝጊቦም 'ዮም ዝበሉ ኣይተ ጀማል፣ ኣብ ሚድሮክ ኣብ ዝተገበረ ሪፎርም ሃገራዊ ሓገዛት ካብ ዓሚ ዕፅፊ ከምዝተረኸበ ኣፍሊጦም፡፡ መንግስትን ህዝብን ክውቀስ እንተኾይኑ ኣብ ሃገር ውሽጢ ምህርቲ ምጥቃም ዘለዎም ውሱንነት ከምዝኾነ ምስ ገለፁ፣ ከም ሃገር ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ምንቕቓሕ ምፍጣርን ምትግባርን እንድሕር ተኻኢሉ ዓብይ ውፅኢት ከምፅእ ይኽእል እዩ፡፡

ከንቲባ ምምሕዳር ድሬዳዋ ኣይተ ከድር ጁሃር ናይታ ከተማ ኢንቨስትመንት ኣምረቲ ዘርኢ ፅሑፍ ኣቕሪቦም 'ዮም፡፡ ኣብቲ መድረኽ ኢንዱስትሪ ፓርክ ልምዓት ኮርፖሬሽን ዋና ስራሕ ፈፃሚ ሳንዱካን ደበበ፣ ሚኒስትር ዴኤታ ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ኣመራርሓ ፌደራልን ክልልን ተረኺቦም እዮም፡፡

ቅድሚቲ ፓናል ‹‹ምእንተ ኢትዮጵያ›› ብዝብል ናይ ፎቶ ግራፍ ዓወደ ርእይ ተኸፊቱ ንምርኢት ቐሪቡ ኣሎ፡፡

# ኣብ ኢትዮጵያ ኣጋጢሞም ኣብ ዝነበሩ ጎንፅታት ኢድ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ከምዘሎ ብምርመራ ከምተረጋገፀ ሚኒስቴር ፍትሒ ገሊፁ

**ኣዲስ ኣበባ፡-** ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ ኣጋጢሞም ኣብ ዝነበሩ ጎንፅታት ኢድ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ከምዘሎ ብምርመራ ተረጋጊፁ ክብል ሚኒስቴር ፍትሒ ገሊፁ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዝመፅአ ለውጢ ስዒቡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እዛ ሃገር ጎንፅን ዘይምርግጋዕን ኣጋጢሙ ነይሩ። እቶም ጎንፅታት በዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዘጋጠሙ እነትኾኑ፣ ህይወት ብዙሓት ወገናት እንትሓልፍ፣ ጉድኣት ኣካል፣ ዕንወት ንብረትን ምምዝባል ዜጋታትን ኣስዒቡ 'ዩ።

ኣብቶም ገበናት ተሳተፍቲ ዝነበሩ ኣካላት ብሕጊ ተሓተትቲ ንክኾኑን ጉድኣት ዘጋጠሞም ዜጋታት ፍትሒ ንክረኽቡን ከምዝተሰርሐ እቲ ሚኒስቴር ገሊፁ።

ሚኒስትር ዴኤታ እቲ ሚኒስቴር ኣይተ ፍቃዱ ፀጋ፣ መበገሲ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝነበሩ ጎንፅታት ንምፅራይን ገበነኛታት ተሓተትቲ ንምግባርን ኣብ ዝተገበረ ምርመራ ኢድ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ከምዝነበረ ተረጋጊፁ ኢሎም።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት ጎንፅታት ብኣፅዋራት ኩናትን ባጀትን ብምድጋፍ፣ ወፍሪ ብምሃብ ብዛዕባ ምስታፉ ብመረዳእታ ከምዝተረጋገፀ 'ውን ሓቢሮም።

"ኣነ ዘይመራሕኹዋ ሃገር ክትቅፀል ኣይብላን" ኢሉ ዝተልዓለ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ሃገር ንምፍራስ ዝተፈላለዩ



**ኣይተ ፍቃዱ ፀጋ፣**

ኣማራፅታት ጥፍኣት ከምዝተጠቐመ 'ውን ሓቢሮም።

እቲ ሚኒስቴር ካብ ፅባሕ ለውጢ ጀሚሩ ኣብ ቴፒ፣ ቡራዩን ኣዲስ ኣበባ፣ ኣሶሳን ካልኦት ከባቢታትን ዝተፈፀሙ ገበናት ተፃርዮም ውሳነ ንክረኽቡ ከምዝገበረ ኣብሪሆም።

ኣብ ጌዲኦንን ጉጂን፣ ሃዋሳ ኣብ ዝተፈጠሩ ጎንፅታት ተሳተፍቲ ገበን ዝነበሩ ኣካላት ውሳነ ንክረኽቡ ከምዝተገበረ 'ውን ተዛሪቦም።

መበገሲኦም ሃይማኖትን ጉዳይ ወሰንን መሰረት ገይሮም ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘጋጠሙ ገበናት ዝምርምር ጉጅለ ናብቲ ከባቢ ከምዝኸደ ሓቢሮም።

ኣብ ጎንደር፣ ደባርቕን ወራቤን ሃይማኖት ጉልባብ ዝገበሩ ከምኡ'ውን ኣብ ጂንካን ደራሼን ወሰን መበገሲ ብምግባር ዘጋጠሙ ጎንፅታት ብምፅራይ ገበነኛታት ተሓተትቲ ንምግባር ይስራሕ ከምዘሎ ኣረዲኦም።

እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃይማኖትን ብሄርን መሰረት ብምግባር ዘጋጠሙ ጎንፅታት ብመንግስቲ ፌዴራል ጥራሕ ንክረኣዩ ከምዝተወሰነ ተዛሪቦም።

ቀፃሊ 'ውን ጉዳያት ዶብን ወሰንን ብሕጋዊ መገዲ ንምፍታሕ ክስራሕ 'ዩ ኢሎም ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።




# ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ልዕሊ 10 ሺሕ ቶን ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ትግራይ ከምዝኣተወ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣፍሊጡ

**ኣዲስ ኣበባ፡-** ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ልዕሊ 10 ሺሕ ቶን ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ትግራይ ከምዝኣተወ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣፍሊጡ።

እቲ ሰብኣዊ ሓገዝ ብ163 ናይ ፅዕነት ተሽከርከርቲ ክልተ ግዜ ከምዝተጎዓዓዘ 'ዩ ተገሊፁ። ብመሰረት እዚ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ንመዳርግቲ ትካላት ኣመስጊኑ።

ካብ 2021 ዓ.ም ፈረንጂ ጀሚሩ ሰብኣዊ ሓገዝ ብምፅዓን ናብቲ ክልል ዝኣተዋ ተሽከርከርቲ ልዕሊ 100 ዝኾና ምምላሰን ኣፍሊጡ፡፡

ፕሮግራም ምግቢ ዓለም መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ፀገም ዝርከቡ ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ ተበፃሒ ንኽኸውን ዝገብሮ ፃዕሪ'ውን ንኢዱ።

ዳይሬክተር ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣብ ኢትዮጵያ ክላውድ ጂባር ንግዜኢ ከምዝገለፁዎ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብስእነት ሰላምን ብድርቂን ንዝተጎድኡ ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ ንክበፅሖም ልዑል ፃዕሪ እናገበረ ይርከብ፡፡

ንኣብነት ድማ ብዙሓት ሓገዝ ዝፅዓና ተሽከርከርቲ ናብ ትግራይ ተበፃሕቲ ክገብር ምኽኣሉ ኣብሪሆም፡፡

እዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ተበፃሕነት ሰብኣዊ ሓገዝ ዝርከበሉ ኩነታት ካብ እዋን ናብ እዋን እናተመሓየሸ ምምፅኡ ዘርኢ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ኣብዚ ሰሙን 42 ናይ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም፣ 13 ሓገዝ ትካል ካቶሊክ፣ 12 ናይ መሓዙት ትካላት ተሽከርከርቲ ሓዊሱ 6 ነዳዲ ዝፀዓና ቦጣት ካብ ክልል ዓፋር ናብ ክልል ትግራይ ጉዕዞ ከምዝጀመራ ወሲኾም ሓቢሮም፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ኢትዮጵያ ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምትእጉጓል ተበፃሒ ንኽኸውን ዝወሰዶ ቆራፅነት ብምንኣድ እቲ ሓገዝ ንተጎዳእቲ ንኽበፅሕ ምሕጋዙ ኣብሪሆም፡፡



# ሓይሊ ኣየር ንባዕሉ ምድቡ እናዋደደ እናዘመነ ከምዝኾነ ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ ኣፍሊጦም

**ኣዲስ ኣበባ፡-** ሓይሊ ኣየር ፌ.ዲ.ሪ.ኢ. "ሰራዊት ሃገር 'ምበር ብሄር የብሉን" ካብ ዝብል ለውጢ ኣተሓሳስባ ጀሚሩ ብስልጠና ኣወዳድባን ዕጥቂን ከምኡ 'ውን ብህንፀት ሓይሊ ሰብ ንባዕሉ ምድቡ እናዋደደን እናዘመነን ከምዝኾነ ዋና ኣዛዚ እቲ ሓይሊ ኣየር ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ ገሊፆም።

ኣብ ሓይሊ ኣየር ፌዴሪኢ ማእኸላዊ ምድብ ኣብ ወፍሪ ኣፈፃፀመኦም ዕዙዝ ውፅኢት ንዘመዝገቡ ኣባላትን ኣመራርሓታትን እቲ ሰራዊት መርሃ ግብሪ ኣፍልጦን መበረታትዒ ሽልማት እንትህብ፣ ሌተናል ጀኔራል ይልማ መርዳሳ ኣብቲ እዋን ኣብ ዝገበሩዎ መደረ፣ እቲ ሓይሊ ኣየር "ሰራዊት ሃገር እምበር ብሄር የብሉን" ካብ ዝብል ለውጢ ኣተሓሳስባ ጀሚሩ ብስልጠና ኣወዳድባን ዕጥቂን ከምኡ 'ውን ብህንፀት ሓይሊ ሰብ ንባዕሉ ምድቡ እናዋደደን እናዘመነን ከምዝርከብ ገሊፆም።

"ግብረ ራዕዲ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ሰሜን እዚን ሰሜን ምድብ ኣየርን ዝፈፀሞ ኣረመኔያዊ መጥቃዕቲ ስዒቡ ኣብ ዝተወሰዱ ተኸታተልቲ ወፍሪታት ጀጋኑ እቲ ምድብ መስዋእትነት 'ውን ብምኽፋል ዘኹርዕ ታሪኽ ሰሪሖም 'ዮም" ክብሉ እቶም ዋና ኣዛዚ ገሊፆም።

ኣብ ቀፃሊ ከንፀላሉ ንዝኽእል ዝኾነ ይኹን ወፍሪ ንባዕሉ ብዝበለፀ ብምስንዳእ ንኢትዮጵያ ዝምጥን ዓቢዩ ሓይሊ ኣየር ናይ ምህናፅ ጉዕዞ ተጠናኺሩ ከምዝቕፀል ምሕባርም ካብ ሰራዊት ምክልኻል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

# መንእሰይ ትግራይ ተገዲዱ ይዓጥቕ ምህላዉ ውሃቢ ቃል እቲ ጉጅለ ኣሚኑ

መኣርግ ገ/ሄር

**ኣዲስ ኣበባ፡-** ጉጅለ ህወሓት ንዓቕመ ኣዳም ዘይበፅሑ ህፃናት ሓዊሱ መናእሰይ ትግራይ ብሓይሊ ክዓጥቑ ብምግባር ንውግእ ይዳሎ ከምዘሎ ወሃቢ ቓል ጉጅለ ህወሓት ኣይተ ጌታቸው ረዳ ገሊፁ፡፡

ኣይተ ጌታቸው ኣብ ቐረባ እዋን ምስ ትግራይ ሚድያ ሃውስ (TMH) ኣብ ዝነበሮ ፃኒሕት ትሕቲ ዕድመ ህፃናት፣ መናእሰይ ከምኡ 'ውን ኣረጋውያን ሓዊሱ ነቲ ናይ'ቲ ውድብ ዕላማ ኩናት ዘይተቐበሉ ብሓይሊ ክምልመሉ ከም ዝፀንሑ ገሊፁ።

ኣይተ ጌታቸው ኣብቲ ቃለ መሕትቱ ከምዘረጋገፆ ህወሓት ብወተሃደራዊ ሓይሊ ፍታሕ ከምዝርከብ ብምእማን ንኩናት እናተዳለወ ከምዝኾነ 'ዩ፡፡

ኣብዚ ጉዳይ እዚ ናይ ውሽጢ ዓዲ ሚድያታት ከምኡ'ውን ዓበይቲ ኣህጉራውያን ማዕከናት ዜና ብፍላይ ሮይተርስን ቢቢሲን ብዛዕባ'ቲ ባህሪ ናይቲ ውድብ ብተደጋጋሚ ፀብፂበን ምንባረን ዝዝከር'ዩ።

ኣብ ውሽጢ ሃገርን ደገን ዝርከቡ ኢትዮጵያውያን ንማሕበረሰብ ዓለም ብፍላይ ድማ ንመሰል ህፃናት ደው ኢልና ኢና ዝብሉ ኣካላት ኣብ ልዕሊ ህወሓት ፅቕጢ ክገብሩ ፃውዒት ከቕርቡ ከምዝፀንሑ ዝፍለጥ 'ዩ።

ሮይተርስ ኣብ 16 ግንቦት2022 ዓ.ም.ፈ በቲ ኩናት ዝተናገፀት ክልል ትግራይ ስዒቡ ህወሓት መራሕቲ መናእሰይ ብምግዳድን ብምፍርራሕን ከምኡ 'ውን ንቤተሰቦምን ብምእሳር ክዓጥቑ ይገብሩ ከምዘለዉ ምፅብፃቡ ዝዝከር 'ዩ፡፡

ጋዜጣታት ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብዚ ጉዳይ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ፣ ፖለቲከኛታትን ካብ ትግራይ ኣገዲድካ ምዕጣቕን ካልኦት በደላትን ሃዲሞም ናብ ክልል ኣምሓራ ዝኣተው ተጋሩ ፍልፍል መረዳእታ ብምግባር ተደጋጋሚ ፀብፃባት ምስረሐን ይዝከር፡፡ ናይ ሐዚ ናይቲ ጉጅለ ውሃቢ ቃል ምእማን ድማ ናይቲ ፀብፃብ ሓቃዊነት መረጋገፂ'ዩ፡፡

## ጉጅለ ህወሓት ዕድመ...

ምእታው ዋላ ስርሑ ይኹን ህዝቢ ሕዚ እናተገደደ ተዘይኮይኑ ዝቕበሎ ኣይኮነን፤ ብሰንኩ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘይበፅሖ መከራ የለን፡፡ ብዙሕ መንእሰይ ተሰዊኡን ኣካለ ጎደሎን ኮይኑ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም፡፡

ህወሓት ህዝቢ ብምድንጋር መንእሰይ ትግራይ ንምውዳእ እንተዘይኮኑ ቕድሚ ሕዚ ዝገበሮ ኩናት ዘይተሳኸዐሉ ድሕሪ ሕዚ ዝሳኸዐሉ ኣይኮነን ኢሎም፡፡

ህዝቢ ብሰንኪ ህወሓት እናበረሰ ክዕገስ የብሉን፤ ሕቶ ከልዕል ኣለዎ፡፡ ደቕና ንተወሳኺ ጥፍኣት ኣይንህብን ብምባል ኣብ ደገን ውሽጥን ዘሎ ትግራዋይ ክሓትትን ክዕምፅ 'ዩ ዘለዎ ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡



# ስፖርት



## ለተሰንበት ግደይ ናይ መጀመርታ ማራቶን ኣብ ቫለንስያ ክተካይድ እያ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ናይዚ እዋን ናይ ነዊሕ ርሕቐት ውርይቲ ኣትሌት ለተሰንበት ግደይ ኣብ ቀረባ ድማ ገፃ ናብ ማራቶን ክተዘር 'ያ። ነዚ ድማ ኣብ ዝመፅእ ወርሒ ሓምለ ከተማ ቫለንስያ ናይ መጀመርታ ውድድር ማራቶን ክተካይድ ከምዝመረፀት ተፈሊጡ።

ለተሰንበት ኣብ ቫለንሽያ ንፈለማ እዋን ኣርብዓን ክልተን ኪሎ ሜትር ጉያ ክትጎይ ምውሳና ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ቫለንሽያ ናይ ውድድራት ከተማ ጥራይ ዘይኮነትስ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ክብረ ወሰን ዝስበረላ ኮይና 'ያ። ብፍላይ እዛ ከተማ ንለተሰንበት ፍሉይ ቦታ ኣለዋ። ንዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ሻምፕዮናታት ዓለም ብሉፅ ውፂኢት ኣመዝጊባ ኣለ፡፡ኽልቲኡ ዓወት ድማ ኣብ ቫለንሽያ'ያ ዘመዝገበት ።

ሻምፕዮን ዓለም ኣትሌቲክስ 2022 ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ፖርትላንድ ኦሪገን ኣሜሪካ ክካየድ 'ዩ። ኣብ ዓለምና ዝርከቡ ኣትሌታት ንባዕሎምን ንሃገሮምን ዝሳተፍሉ እንትኾን ለተሰንበት ድማ 10 ሽሕ ሜትሮ ክትሳተፍ ትፅቢት ይግበረላ፤ ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ሻምፕዮን ዓለም ድማ ኣብ ቫሌንሽያ ንኻልእ ዓወት ማራቶን ትዳሎ ከምዘላ ኣዳለውቲ ናይቲ ውድድር ኣፍሊጦም ኣለው።

"ኣብ ቫለንሽያ ናይ መጀመርታ ማራቶን ክጎዩ ምኺነይ እንትገልፅ ብሓጎስ 'ዩ። ምስ ቫለንሽያ ፍሉይ ዝምድና ኣለኒ፤ ኣብ 2020 ዝገበርክዎ ውድድር 5000 ሜትሮ ክብረወሰን፤ ኣብ 2021 ድማ ንውድድር ፍርቂ ማራቶን ዘመሓየሽኩሉ ክብረ



**ኣትሌት ለተሰንበት ግደይ**

ወሰን ፍሉይ ተዘክሮታት ኣለኒ፡፡ ኣብ ዝመፅእ ቫለንሽያ ማራቶን ድማ ፅቡቕ ግዜ ከሕልፍ ተስፋ እገብር" ክትብል ለተሰንበት ከምዝተዛረበት ኣትሌቲክስ ዊክሊ ፅሒፉ 'ዩ፡፡

ኣዳለውቲ እቲ ውድድር ብወገኖም " ናይ ዓለምና ድንቅ ኣትሌታት ካብ ዝኾኑ እታ ሓንቲ ዝኾነት ለተሰንበት ግደይ ኣብ ማራቶን ቫሌንሽያ ከምትሳተፍ ምርግጋፅ ከተማና ናይ ዓለምና ማእኸል ጉያ ንምግባር እናርኣናዮ ዘለና ፃዕሪ ዘረጋግፅ 'ዩ፡፡ ለተሰንበት ንዓና ብምምራፃ ኹርዓት ይስመዐና›› በምባል ሓሳቦም ሂቦም 'ዮም፡፡

ለተሰንበት ምስ ቫለንሽያ ዝተላለየትሉ 5000 ሜትሮ ዝድነቕ ክብረወሰን ዓለም ብምምሕያሽ 'ዩ ነይሩ። እዛ ኮኾብ ኣትሌት ብጥሩነሽ ዲባባ ን12 ዓመታት ተዳሒዙ ዝፀንሐ ሪከርድ 5000 ሜትሮ 14፡06፡62 ብምጉያይ ኣመሓይሻ ዓለም ኣደሚማ 'ያ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ኣብ 2021 ናብ ቫለንሽያ ተመሊሳ ንመጀመርታ ፍርቂ ማራቶን ብምጉያይ ብ1፡02፡52 ብዝኾነ ሰዓት ክብረወሰን ዓለም ኣመዝጊባ 'ያ።

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ውድድራት ኣርባዕተ ዓበይቲ ክብረወሰን ብምዕዋት፤ ኣብ ቫለንሽያ ቅድሚ ሐዚ ዝነበሩ ክልተ ክብረ ወሰናት ብምስባር፤ ክልተ ዓበይቲ ክብረወሰን ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ሰይራ 'ያ። ኣብ ኒጅመን ኣብ 2019 ኣብ ናይ 15 ኪሎ ሜትር ናይ ፅርግያ ውድድር ናይቲ ርሕቐት ክብረ ወሰን 44፡20 ብዝኾነ ሰዓት ኣመሓይሻ ዛዚማ 'ያ። 2020 ቶክዮ ኦሎምፒክ ኢትዮጵያን መፃረይ ኣብ ሂንግሎ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር 10 ሽሕ ሜትሮ ተዓዊቲት ነይራ 'ያ። ተወላዲት ኢትዮጵያ ዝኾነት ሆላንዳዊት ኣትሌት ሲፈን ሓሰን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅራ እንተነበረ 'ውን 48 ሰዓታት ኣብ ዘይመልአ ለተሰንበት ከምዝተቆፃፀረቶ ዝዝከር 'ዩ፡፡

ኣብ ኦሎምፒክ ቶክዮ 2020 ብፍላይ ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትሮ ክትዕወት ብሰፊሑ እኳ እንተተፀበየት ዓሰርተ ትሻዓንተ ዙር ንበይና እናመርሐት ዝሕግዛ ካልእ ኢትዮጵያዊ ብዘይምርካባ ሜዳልያ ነሓስ ክትረክብ ክኢላ 'ያ፡፡

## መኣዲ ጥበብ

## ኣድሳይነት ምኽባር ‹‹መዓልቲ ቕርሲ ››

**ሄርሞን ፍቃዱ**

መዓልቲ ቕርሲ ብትካል ሳይንስ፣ ትምህርትን ባህልን ሕቡራት መንግስታት፣ (ዩኔስኮ) በብዓመቱ ይኽበር ‘ዩ፡፡ እዚ በዓል ንዘበናት ወዲ ሰብ ዘቐመጦ ዓሻራ ሃፍቲ ስልጣነ ካብ ምሕላው፤ ምልማዕን ምፍላጥን ሓሊፉ ንወለዶ ክመሓላለፍ ኽብሪ ከም ዝፈጥር ይእመን፡፡ ብፍላይ ድማ መነባብሮ ቐዳሞት ወለዶ፤ ስልጣነን ፍልጠትን እንታይ ከም ዝመስል ዝምስክር ቁሳውን ባህላውን ሃፍትታት ንምፍላጥ እቲ መዓልቲ ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ምኽባር ኣድላዪ ‘ዩ ፡፡

ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣነ ዓለም ዓብዪ ግደ ካብ ዘበርከቱ ሃገራት ብቐዳምነት ተጠቃሲት 'ያ፡፡ናይ ባህሊ፣ ታሪኽን መሰኻኽር ምስረታ ሃገረ መንግስቲ ዝኾኑ ዘደንቑ ቅርስታት፣ ሙዝየማትን ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ሃፍትታትን ዝርከቡላ 'ያ፡፡ በዚ ምኽንያት ኣርኪዮሎጂስታት፣ ብጎብነይትን ብቱሪዝምን፣ ብፍሉይ ኣብ ዘፈር ምርምር ድሌት ዘለዎም ውዳበታትን ውልቀ ሰባትን ትኹረት ይገብሩላ፡፡ይኹን ‘ምበር ክንድቲ ጥንታውነታን ሃፍታን ኣብ መላእ ዓለም ሃፍትታታ ንምፍላጥን ንምልማዕን ካብኡ ዝርከብ ቑጠባዊ ሃፍቲ ንምፍላጥ፤ ካፍቲ ዝርከብ ሃፍቲ ድማ ተጠቃሚት ክትኸውን ኣይትርኣይን፡፡

ነዚ ድማ ከም ፀገም ተገይሩ ዝውሰድ ቕድም ክብል መንግስቲ ነቲ ዘፈር ትኹረት ሂቡ ብሰፊሑ ናይ ዘይምስራሕን ጥቕምታቱ ኣድሚቕካ ዘይምርኣይን ‘ዩ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማ መሰኻኽር ባህሊ፣ ታሪኽን ስልጣነን ተገይሮም ዝጥቀሱ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ሃፍትታት ብፍልጠትን ብጥንቃቐን ናይ ምምራሕ ፀገም ከምዝነበረ ይእመን፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ንዘበናት ተሓልዮም ዝፀንሑ ቅርስታት ዘመሓድሩን፣ ካብ መንጎ ዝሕልዉን ዘመሓድሩን ትካላት ሚኒስቴር ቱሪዝም በዓል መዚ ሓለዋ ቕርሲ ኢትዮጵያ ሓደ 'ዩ፡፡ እዚ ቤት ፅሕፈት ኣብ ትካል ሳይንስ፣ትምህርትን ባህልን ሕቡራት መንግስታት (ዩኔስኮ) ዝድህሰሱ) ተንቀሳቓሽትን ዘይንቀሳቐሱን ከምኡ ‘ውን ዘይድህሰሱ ቕርስታት ባህልን መንፈሳውን ኹሎም ሓሊዉ ንወለዶ ናይ ምስጋር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

ምኽትል ዋና ዳይሬክተር በዓል መዚ ሓለዋ መፅናዕቲ ቕርሲ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣበባው ኣያሌው ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃብዎ መረዳእታ እዚ ብፍሉይ ኹነታት



ንምስኻዕ ንፈለማ እዋን ብብርኪ ዓለም ‹‹መዓልቲ ቕርሲ›› ክኽበር ‘ዩ። እዚ ኹነታት በብዓመቱ እንትኽበር ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ቅርስታት ፍሉይ ትኹረት ንምሃብን ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ውፅኢቶም ክደምቕ ንምግባር ገፊሕ ዕድል ዝፈጥር ከም ዝኾነ ይዛረቡ፡፡

‹‹ኢትዮጵያ ንፈለማ እዋን ግንዛበን ፈጠራን መዓልቲ ቅርሲ ብዝተፈላለየ ምድላው ክተኽብር 'ያ›› ዝበሉ እቶም ምኽትል ዋና ዳይሬክተር፤ እስካዕ ሐዚ መዓልቲ ሙዝየም እናተብሃለ ክኽበር ከም ዝፀንሐ ይዛረቡ፡፡

ከምቲ ዝፍለጥ ኢትዮጵያ ብርክት ዝበለ ተፈጥሮዊ፣ ታሪኻውን ሰብ ሰራሕን ባህላዊ ቕርስታትን ዝበልፀገት፤ ሓያለ ናይ ቱሪስት መስሕብ ዘለዋን 'ያ፡፡ እዞም ቕርስታት ኣብ ዩኔስኮ ብበዝሒ ብምምዝጋብ ካብ ሃገራት ኣፍሪካ ቐዳመይቲ እንተኾነት ‘ውን ዘፈር ክንድቲ ዝድለይ ኣይዓበየን፡፡

ካብ ቐረባ እዋን መንግስቲ ዘፈር ቱሪዝም ዓንዲ ሑቐ ኢትዮጵያ ከም ዝኾነ ብምእማን ፍሉይ ትኹረት ምሃቡ ኣፍሊጡ ‘ዩ፡፡ ብተግባር ድማ ሰፋሕቲ ልምዓታት፤ፕሮጀክታት እናሰርሐ ከም ዝርከብ ዘመላኽቱ መረዳእታታት ምጥቃስ ይከኣል ‘ዩ‘፡፡ እዚ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ልዕሊ ኹሉ ቐዳምነት ክወሃቦ ይግባእ፡፡

ብኣውራ ድማ ኢትዮጵያ ካብ ሃፍቲ ቱሪዝም ቑጠባዊ ሃፍቲ ተጠቃሚት እትኾነሉ ዕድል ንኽውስኽ ብፍሉይ ኹነታት ዝኽበሩ መዓልታት ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎም እቶም በዓል ሞያ ይዛረቡ፡፡ካብ ኢትዮጵያ ዝንእስ ቕርስን መስሕብን ዘለወን ሃገራት ብስፍሓት ሃፍትታተን ንምፍላጥ ዝተፈላለዩ ስልትታት ከውፅኡ ብምኽኣሎምን ንተግባራውነቱ ድማ ናይዚ ዕድል ተጠቀምቲ ክኾኑ ኽኢሎም ‘ዮም፡፡ይኹን ‘ምበር ‹‹መዓልቲ ቕርሲ›› ተባሂሉ እንትኽበር ከምቲ ቕድሚ ሐዚ ዝግበር ኣኼባን ቲሸርት ምስራሕ፤ ወይ ድማ ዕላምኡ ዘይተረድአ ምድላው እንተኾይኑ ሐዚ ‘ውን እቲ ዝድለይ ውፅኢት ክመፅእ ኣይኽእልን፡፡

ኣብ ቐረባ እዋን ብቕርስነት ኣብ ዓለም ዝተመዝገቡ መስሕባት ኢትዮጵያ ዓብዪ ጉድኣት ዝደቀኑ ፀገማት ከምዘለዉ ይእመን፡፡ ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ብዝነበረ ኲናት፤ ሐዚ ‘ውን ብዘሎ ስግኣት ዘይምርግጋዕ ላሊበላ፣ ኣኽሱምን ዝኣመሰሉ ቕርስታን ንጉድኣት ተቓላዕቲ እናኾኑ ‘ዮም፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ዘፈር ቱሪዝምን ኣብ ውሽጡ ዘሎ ሃፍትታት ዝዝክርን ሰፊሕ ግንዛበ ዘጨብጥን ከም ‹‹መዓልቲ ቅርሲ›› ዝኣመሰሉ በዓላት እንትኽበሩ እቶም ጉድኣት ዝተደቀኖም ስፍራታት መስሕብ ብዝምልከቶ ኣካል ትኹረት ንክረኽቡ ኣስተዋፅኦ ዝገብር ‘ዩ፡፡ ነዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ክበፅሖም ዝኽእል መጉዳእቲ ኣቐዲሙ ምክልኻል ዝከኣለሉ ኣጋጣሚ ምፍጣር ይከኣል ‘ዩ ኢልና ንኣምን፡፡

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ